# መደባትና፡ ነቲ ኪንዮ ጸሊም ራዕዲ ዘሎ ደበና፡ ምቕንጣጥ ኢዩ!

- 1ይ ክፋል- ሰንበት, 26 ጥቅምቲ 2008



## መደባትና፡ ነቲ ኪንዮ ጸሊም ራዕዲ ዘሎ ደበና፡ ምቕንጣጥ ኢዩ!- 1ይ ክፋል- 2ይ ክፋል- 3ይ ክፋል- 4ይ ክፋል

ካቡኡ ናቡኡ ኸኣ፡ ንኤርትራውያን ኣሻቒሉ ኣብ ዘሎ ኣርእስቲ ኣትየ ክጽሕፍ እንክለኹ፡ ነቲ ሰራዊት ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶ፡ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ዝገብሮ ጉዕዞን፡ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊት ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶ፡ ቺፍ ኣድሚራል ዳኒኤል ፋን ቤንጃንኩዝ፡ ብዕለት 12/10/2008 ዝሃቦ መደረ ምርኩስ ብምግባር፡ ንዘለኒ ሓቤሬታ ንምክፋልን፡ ኣብ ወትሃደራውን ፖለቲካውን ኩነታት ናይ'ቲ ከባቢ ኣመልኪተ ጹሑፈይ ከቕርብ እንክለኹ፡ ከም ቀንዲ ሕመረት ናይ'ዚ ጹሑፍ ከኣ፡ ነቲ ቃል ብቓሉ፡ "መደባትና፡ ነቲ ኪንዮ ጸሊም ራዕዲ ዘሎ ደበና፡ ምቕንጣጥ ኢዩ!!!" ክብል፡ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊት ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶ፡ ቺፍ ኣድሚራል ዳኒኤል ቤንጃንኩዝ ኣብ ዝሃቦ ቃል እምነ መሰረት ብምንባር ኢየ። Monday, 17 November 2008

ኣብ'ዚ ቅንያትዚ፡ ንዓለምና ብፍላይ ከኣ ንሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቓን፡ ተዳወብቲ ሃገራት ቀይሕ ባሕሪን፡ ካቡኡ ናቡኡ ኸኣ፡ ንኤርትራውያን ኣሻቒሉ ኣብ ዘሎ ኣርእስቲ ኣትየ ክጽሕፍ እንክለኹ፡ ነቲ ሰራዊት ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶ፡ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ዝገብሮ ጉዕዞን፡ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊት ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶ፡ ቺፍ ኣድሚራል ዳኒኤል ፋን ቤንጃንኩዝ፡ ብዕለት 12/10/2008 ዝሃቦ መደረ ምርኩስ ብምግባር፡ ንዘለኒ ሓቤሬታ ንምክፋልን፡ ኣብ ወትሃደራውን ፖለቲካውን ኩነታት ናይ'ቲ ከባቢ ኣመልኪተ ጹሑፈይ ከቕርብ እንክለኹ፡ ከም ቀንዲ ሕመረት ናይ'ዚ ጹሑፍ ከኣ፡ ነቲ ቃል ብቓሉ፡ "መደባትና፡ ነቲ ኪንዮ ጸሊም ራዕዲ ዘሎ ደበና፡ ምቕንጣጥ ኢዩ!!!" ክብል፡ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊት ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶ፡ ቺፍ ኣድሚራል ዳኒኤል ቤንጃንኩዝ ኣብ ዝሃቦ ቃል እምነ መሰረት ብምንባር ኢየ።

## "መደባትና፡ ነቲ ኪንዮ ጸሊም ራዕዲ ዘሎ ደበና ምቕንጣጥ ኢዩ!"

እቲ፡ ኣብ ሞንጎ እተን ክልተ ሓያላን ሃገራት፡ ኣመሪካን፡ ሕብረት ሶቭየት ነበር /ሩስያ/ን ዝነበረ፡ ናይ መን ዓብለለ ኣድዮሎጂካውን /ስነ ሓሳባዊን/፡ ፖለቲካዊን ቁጠባውን ነድሪ ዝወለዶ ምፍሕፋሕ፡ እቲ ብፕሮስትሮይካ ዝፍለጥ ብሚካኤል ጎርባቾፍ ዝተኣታተወ ለውጢ ዙሑል ኩናት ቅድሚ ምምጻኡ፡ ንገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዝቖጻጸር ዝነበረ ዝዓበየ ሓይሊ እቲ ኣብ ዲያጎ ጋርስያ ማእከላይ መደበሩ ገይሩ ዝነበረ፡ ብ5ይ ጭፍራ መራኽብ ዝፍለጥ፡ ብሪድ ኣድሚራል ጆን ላት ኣሌክስ ዝምራሕ ዝነበረ ሰራዊት ኣመሪካ ኢዩ ነይሩ።

ነዚ ከባቢ'ዚ ዝቆጻጸር ዝነበረ ናይ ሕብረት ሶቭየት ነበር /ሩስያ/ ሰራዊት ከኣ፡ ኣብ ደሴት ዳህላክ ዓስኪሩ ዝነበረ ኮይኑ፡ ብቺፍ ኣድሚራል ኪዮሎቪስኪ ሻሮቮክ ዝምራሕ ዝነበረ፡ ናይ'ቲ ብቀይሕ ነብሪ ዝፍለጥ ዝነበረ፡ ኣብ ገማግም ባሕሪታት ኩባ ዝዓስከረ ክፋል ሰራዊት እዚ ሓይሊ ባሕሪ ሩስያ ኢዩ፡ ምስ ሰራዊት ኣመሪካ፡ ምስ ናይ ክልቲኡ ወገን ዝዓጠቖ ኒኩለሳዊ ኣጽዋራቱ፡ ኣብ ሓለዋ ተፋጢጡ፡ ንዓለምና ኣብ ዘንጊ ተነቒቲ ናይ ጥፍኣት ቃና ዘፋጺያ ዝነበረ።

ሕብረት ሶቭየት፡ በቲ ኣብ ዉሽጣ ዝተኣታተወ ናይ ኣመሪካን መሻርኽታን ስልኺታት፡ ካብ ሱራ እኳ ክትዳኸም እንተዘይከኣለት፡ ብመንገዲ ናይ'ቲ እዋን እቲ መራሒ ሕብረት ሶቭየት ዝነበረ ሚካኤል ጎርባቾቭ ኣቢላ፡ ካብ መወዳእታ 1986 ክተተኣታትዎ ዝጀመረት እሞ፡ ኣብ 1989 ዘተግበረቶ ብፕሮስትሮይካ ዝፍለጥ ፖለቲካዊ ለውጢ፡ ነቲ ሚዛን ሓይሊ ክልቲኦን ሓያላት ሃገራት ቀይሩዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንመድርኽ ህላዌ ጃላነት በሲዑ፡ ቀንዲ ሚዛን ሓይሊ ዓለማዊ ጉሎባይዘይሽን ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝዘንበለሉን፡ ዓለማዊ ፖሊሲ ጸጥታ ናይ'ዛ እንነብረላ ዓለም ብኢድ ኣመሪካ ዝሕንጸጸሉን መድርኽ ናይ ዝወደቐሉ ባብ ከፊቲ በሪ ኢዩ ነይሩ።

እቲ ኣቐዲሙ ኣብ ደሴታት ዳህላክ ዓስኪሩ ዝነበረ ሰራዊት ሓይሊ ባሕሪ ሕብረት ሶቭየት ነበር /ሩስያ/፡ ኣቐዲሙ በቲ ኣብ ውሽጢ ሕብረት ሶቭየት ዘጋጠመ ናይ ለውጢ ማዕበል ናይ እዚ ማእከላቱ ክስሕብ ጀሚሩ እኳ እንተነበረ፡ ድሕሪ'ቲ ብማእከላይ ስለያ ኣመሪካ C.I.A.፡ ነተን ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ብናይ ሽዑ ክሊ ግዝኣት ኢትዮጵያ

*ዝፍለጣ ዝነበራ ኤርትራን ትግራይን፡ ፖለቲካውን፡ ወትሃደራውን ምንቅስቓሳት ዘካይዳ ዝነበራ ውድባት፡ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ንወትሃደራውያን መራሕቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ ሜዳ ትግራይ ከኣ፡ ንወትሃደራውያን መራሕቲ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ንምድኻም ስርዓት ደርግን ምፍርራስ ክሊ ዓባይ ግዝኣት ሕብረት ሶቭየት ኣመልኪቱ ዝተመጠወ ፖለቲካውን፡ ወትሃደራውን ስለያዊ ሓቤሬታ፡ ንህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ኣፍዓበት መጥቃዕቲ ከካይድ ክሕግዞ እንከሎ፡ ንህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ከኣ፤ ኣብ እንዳ ኣባጉና ዝነበረ ዝተራቐቐ ናይ ስለያ መራኸቢ መሳርሒ ዓጢቑ ንዝነበረ ሰራዊት ደርግን ሕብረት ሶቭየትን ንኸተጥቅዕ ኣኽኢሉዋ ኢዩ።*

*ኣቐዲሙ ግን፡ ኣብ* 1984 *እቲ ኣብ ሞንጎ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን፡ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ዝነበረ ዝምድና ተበቲኹ ኣብ ዘይዕረየሉ ደረጃ በጺሑ ብምንባሩ፡ ንማእከላይ መደበር ስለያ ኣመሪካ* C.I.A.፡ *ነዞም ክልተ ሓይልታት ኣራኺቡ ክሰርሕ ጸገም ከም ዝነበሮ ብምስትብሃል፡ እቲ ከም እንኮ ኣማራጺ ዝወሰዶ ናይ ስራሕ ሜላ፡ ንኽልቲኦም መሻርኽቱ ብተናጸል ረኺቡ ሓበሬታኡ ክልግስ ስለ ዝነበሮ'ዩ፡ ከም መኽፈቲ ናይ'ዚ መሳልል'ዚ ኣብ ክፍላ ወርሒ* 08/1987፡ *ጡሉል ዝኾነ ወትሃደራዊ ስለያዊ ሓበሬታ ንኽልቲኦም ወገናት ክልግስ ዝጀመረ። ከም ውጺኢቱ ኸኣ፡ ልዒሉ ከም ዝተገልጸ፡ ክልቲኣን ውድባት ብተናጸል ናብ በሪ ዓወት ከሰጋግረን ዝኽእል በርቃዊ ወትሃደራዊ መጥቃዕቲ ከካይዳ ዝበቕዓ።*

*ድሕሪ'ዚ ክልተ ናይ ተናጸል ወትሃደራዊ መጥቃዕቲ'ዚ፡ ላዕለዋይ እዚ ሕብረት ሶቭየት፡ ኣብ ኢትዮጵያ ይኹን፡ ኣብ'ታ ከም ግዝኣታ ትፍለጥ ዝነበረት ኤርትራን ዝነበሮ ባይታ፡ በቲ ኣብ ውሽጡ ዘጋጥሞ ዝነበረ ምግምማዕን፡ በቲ ኣብ ባይታ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘጋጥሞ ዝነበረ ወትሃደራዊ ስዕረትን፡ ድሮ ምሉእ ብምሉእ ክስሕብ ጀሚሩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዳርጋ ጠቕሊሉ ወጺኡ ብምንባሩ፡ ደርግ ጥራይ ዝባኑ ዝወጻሉ ሰዓት ኢዩ ነይሩ እንተተባህለ ምግናን ኣይነበረን።*

*ኣመሪካ፡ ንህላዌ ሕብረት ሶቭየት ኣብ ክሊ ማያት ኤርትራ፡ ካብቲ ክትጻወሮ ዘይትኽእል ዝነበረት ምስ መስርሕ ህላዌ ወትሃደራዊ ዕብለላኣ ኣተኣሳሲራ ትጥምቶ ብምንባራ፡ ነዚ ጉዳይ መዝሚዛ ኣብ ረብሓኣ ንምውዓል ብፍሉይ ኣጀንዳ ሒዛ ኢያ ተንቀሳቒሳትሉ። ክንዲ ዝኾነ ኸኣ'ያ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣብ ጥሪ* 19/1989፡ *ንመሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን፡ መሪሕነት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን፡ ብመንገዲ ሓደ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ላዕለዋይ ሓላፊ ስለያ ኣመሪካ* C.I.A. *ሪቻርድ ፎን ዳላስ፡ ኣብ ሱዳን ካርቱም ሆተል ሜሪድያን ንኽልተ መራሕቲ ናይ'ቲ ምንቅስቓስ፡ ካብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ናይ ሽዑ ዋና ጸሓፊ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ካብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ከኣ፡ ናይ ሽዑ ዋና ጸሓፊ፡ ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ከተራኽቦም ዝኸኣለትን፡ ናይ ሓባር ወትሃደራዊ ሕንጻጽ ንኸካይዱን፡ ከም መበገሲ መድርኽ ጽንፈ ጽርግያ ናይ ዓወታቶም ከኣ፡ ብምምሕዳር መንግስቲ ኣመሪካ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ኣፍልጦ ክወሃቦም ክትፈቅድ እንከላ፡ ኣብ ወትሃደራዊ ስሪሒታቶም ዘገልግሎም ስለያዊ መርበብ ሓበሬታ ከተስንቖም ምኻና ብምምብጻዕ፡ ንዳግማይ ርክብ ቆጺራ ዝተፋነወቶም።*

*ከም ድምር ውጺኢት ናይ'ቲ ምዕባለ ኸኣ፡ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ለካቲት* 05/1989፡ *ህጹጽ ኣኼባ ኣካይዱ ብሓደ ውሳኔ ክወጽእ እንከሎ፡ ብተመሳሳሊ መንገዲ ላዕለዋይ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ከኣ፡ ኣብ ለካቲት* 17/1989 *ዘካየዶ ህጹጽ ኣኼባ ብሓደ ውሳኔ ክወጺእ ኪኢሉ ኢዩ። እዚ ብተናጸል ዝመስል ግን ከኣ ንሓደ ዒላማ ዝዓለመ ውጺኢት ኣኼባ'ዚ፡ ንምልኣተ ስዕረት ደርግ ዘቀላጥፍን፡ ንመሰል ነጻነት ኤርትራ ብዓበይቲ ናይ ዓለምና ሃገራት ተፈላጥነቱ ባብ ዝኸፍትን ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ንብልሓት ምሕንጻጽ ስትራተጂካዊ ስልቲ ወትሃደራዊ ዓብላልነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብቲ ዞባ ውን፡ ማዕጾ*

ዝኸፈተ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ንስርዓት ደርጊ ንሞት ዝፈረደን፡ ንህላዌ ሕብረት ሶቭየት ኣብ'ቲ ዞባ፡ ናይ መወዳእታ ማዕጾ ዝረገጠን 'ውን ኢዩ ነይሩ።

ድሕሪ እዚ ናይ ክልተ ውድባት ላዕለዎት መሪሕነታት ህጹጽ ኣኼባታት ከኣ፡ ኣብ ሚያዝያ 16/1989 ብመንገዲ ኣላይነት ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ነበር ጂሚ ካርተር፡ ንዳግማይ ግዜ ኣብ ሜሪድያን ሆቴል ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቅን፡ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ተጋዳላይ መለስ ዜናውን ዝተሳተፉዎ፡ ናይ ሓባር ወትሃደራዊ ሕንጻጽ ተሓንጺጹ ኢዩ።

ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ብኣዝዩ ምስጡር መንገድን ኣብ ትሕቲ ናይ ሓደ ሰብ ኣፍልጦን ዝካየድ ርክባት ክምዘዝ እንከሎ፡ ብወገን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ከኣ፡ ብኣንጻሩ ኣብ ምክፍፋል ስራሕ ዘተኮረ ዘይምእኩል ኣሰራርሓ ዝኸተል ተሳትፎ ኢዩ ነይሩዎ።

ኣብ ምጅማር ናይ'ቲ ኣኼባ ኸኣ፡ ብወገን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ነቲ ስትራተጂካዊ ወትሃደራዊ ስሪሒታት ስለያ፡ ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሞን ክመርሖ እንከሎ፡ ብወገን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ከኣ ተጋዳላይ ሓየሎም፡ ተጋዳላይ ጻድቃን፡ ተጋዳላይ ክንፈ ገብረመድህን፡ ተጋዳላይ ኣሰፋ ገብሩን ኢዮም ዝመርሕዎ ነይሮም። ርክብ ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ነበር ጂሚ ካርተር ምስ ክልተ መራሕቲ ናይ'ቲ ቃልሲ፡ በዚ ዝተሓጽረ ኣይነበረን። ተደጋጋምን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታን ዝቐጸለ ኢዩ ነይሩ።

ክልቲኣን ዉድባት ዘድሊ መምርሒታት ድሕሪ ምቕባለን ከኣ፡ ብፍላይ ኣብ ሱዳን ዝነበረ ስርዓት ነቲ ስሪሒታት ዕንቅፋት ከይከዉን ዓቢ ስግኣት ስለ ዝነበረ እሞ ክእለ ስለ ዝነበሮ ኸኣ፡ ከም ሓያልን ዘይተርፍ ስራሕን ብፍሉይ ንህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ስለ ዝተዋህበ፡ ብመንገዲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ በቲ ቀንዲ ካብ *1979* ጀሚሩ መሓዛ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ዝነበረ፡ ዶክቶር ሓሰን ኣልቱራቢ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ካርቱም ዝካየድ ዊዲት ዕልዋ መንግስቲ ንምትግባር ኣብ ምውዳድ ንኽጽመድ፡ ብመንገዲ መሓዝኡ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ መምርሒ ክዋሃቦ እንከሎ፡ ንመደልደሊ ዝምድናታቶም ኣቐዲሙ ካብ ዝነበሮም ርክባት ወዱ ንዶክቶር ሓሰን ኣልቱራቢ፡ ኣብ ግዜ *6*ይ ወራር ብ*1982* ኣብ ጋራጅ ሂምቦል ናይ መካኒክነት ኣገልግሎት ንኽህብ፡ ናይ ሽዑ ናይ ጨንፈር መጓዓዝያ ሓላፊ ዝነበረ ስዉእ ተጋዳላይ ኣሕመድ መሓመድ በዓልኼር ተቐቢሉ ኣስሪሕዎ ነይሩ ኢዩ።

ካብ ዚ ዝጸንሐ ጥቡቕ ዝምድና ምርኩስ ብምግባር ከኣ፡ ብመንገዲ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ንጉጅለ ዓለውቲ መንግስቲ ካርቱም መተግበሪ ዝሸውን፡ ብመንገዲ ኣብ ካርቱም ተመዲቡ ዝሰርሕ ዝነበረ ኣባል ክፍሊ ስለያ *72* ተጋዳላይ መልኣከ ወዲ ፊተውራሪ ኣቢሉ፡ *14* ሚልዮን ዶላር ንዶክቶር ሓሰን ኣልቱራብን ጀነራል መሓመድ ሑሴን ኣልበሽርን ከም ዝወሃብ ተገይሩ ኢዩ። /ተጋዳላይ መልኣከ ወዲ ፊተውራሪ ምስ ኣቶ መብራህቱ ኣብ ከባቢ ሜሪድያን ሆቴል /ቀምቃማይ/ ዝነበረን ካልኦትን ብምትሕብባር፡ ካብ ቶም ንገዳይም ተጋደልቲ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ይኹኑ፡ ናይ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ካብ ሱዳን ብምጭዋይን ብምቕታልን ዝፍለጡ ዝነበሩ ሓደ ኢዩ።/

ማዕረ ማዕረ'ዚ ፍጻሜ'ዚ ኸኣ፡ እቲ ብህዝባዊ ሰራዊት ዝፍለጥ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ብኣላይነት ኣዛዚ ኣሃዱ ኮማንዶ ስዉእ ተጋዳላይ መኮነን ተኽለ /ጉብጣን/፡ "ስዉእ ተጋዳላይ መኮነን ተኽለ /ጉብጣን/፡ ሓደ ካብቶም ብስሪሒት ቅያ 18 ደቓይቅ ዝፍለጥ መጥቃዕቲ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ዓቢ ተራ ዝነበሮ እሞ፡ "ኣብ'ታ ብትእዛዝ ግዝያዊ ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ንተጋዳላይ ሰሎሞን ድራር ዝተዋህበ መምርሒ መሰረት ዝተደርሰት መጽሓፍ፡ /ቅያ 18 ደቓይቕ ስሪሒት ኮማንዶ/ ህላዌኡ ዝሃሰሰ ምኩር ሓርበኛ ኢዩ"። ንኩነታት መስዋእቱን ታሪኹን ኣመልኪተ ፍሉይ ዝበሃል ስለ ዘለኒ፡ ኣብ ካልእ ኣርእስቲ ገለ ክብል ክፍትን ኢየ።

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ብውሕሉል ኣላይነት መኮነን ተኽለ /ጉብጣን/ ስሪሒት መጥቃዕቲ ኣሶሳ ዓቢ ወትሃደራዊ ስሪሒት ከተካይድ እንከላ፡ ንመንግስቲ ካርቱም ዘዘናግዕ መደናገሪ ጎጣዩ ስርሒት፡ ኣብ ልዕሊ ውድብ S.P.L.A. ብጆን ጋርንግ ዝምራሕ ወትሃደራዊ ክንፊ ጸንፋፊ ዝኾነ ወትሃደራዊ ስሪሒት ብምክያድ ኢያ ንኣሶሳ ከተጥቅዕ ዝኸኣለት። እዚ ኸኣ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ዝባን መንግስቲ ካርቱም ተሳሒሉ ዝዋደድ ዝነበረ ናይ ዕልዋ መስርሕ ስለያ፡ ንመንግስቲ ካርቱም ካብ ድቃሱ ንኸየበራብሮ ኣዳህሊሉዎ ኢዩ።

ከም ውጺኢቱ ኸኣ፡ መንግስቲ ካርቱም ብድቁሱ እንከሎ ኢዩ ብዊዲት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ካብ ስልጣኑ ብወትሃደራዊ ዕልዋ ተኣልዩ፡ ኣብ ቦትኡ፡ እቲ ብጀነራል ሑሴን ኣል በሽርን፡ ዶክቶር ሓሰን ኣልቱራብን ዝምራሕ መንግስቲ ናብ ስልጣን ክመጽእ ዝኸኣለ።

ኣብ ክፍላ ናይ'ዚ ዓመት'ዚ ኢዩ ድማ፡ ኣብ ኣስመራ ዝነበረ 2ይ ኣብዮታዊ ሰራዊት፡ ብመንገዲ ስልኺ ስለያ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን፡ ምትሕብባር መንግስቲ ካርቱምን፡ ብጀነራል ደምሴ ቡልቶ ዝተመርሐ ዝበርዓኑ ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ኣንጻር መንግስቱ ሃይለማርያም ዝተኻየደን፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኸኣ፡ ን72 ሰዓታት ዝጸንሕ በይንኣዊ ናይ ቶኽሲ ደው ምባል ስጉምቲ ኣዋጅ ዘውጸእን።

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ነዚ ውጥን'ዚ ክውጥን እንከሎ፡ ካብ'ቲ ምስ ማእከላይ ስለያ መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ C.I.A. ዝኣተዎ ውዕል ወጻኢ፡ ናቱ ስጉምቲ ኢዩ ዘዋድድ ነይሩ። ካብ'ዚ ተበጊሱ ኢዩ ድማ ማእከላይ ስለያ መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ C.I.A.፡ ንህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ናይ ድሕሪት ሓለዋ ክገብረሉ ዝመደበ።

ብፍላይ ከኣ፡ ማእከላይ ስለያ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ C.I.A.፡ ካብ'ቲ ኣቐዲሙ ኣኪቡዎ ዝጸንሐ ስጡም ሓበሬታታት፡ ንእንታይነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ምስ'ቲ ኣቐዲሙ ኣብ ሰነ 29/1973፡ ብመንገዲ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ናብ ሃገራት ዓበይቲ ቐላያት ኣፍሪቃ፡ ናይ ቀደም ዛየር ዝለኣኾ ምኩር ኣባሉ ተጋዳላይ እስቲፋኖስ ሃይለ መኮነን፡ ካብ መፈለምታኡ ምስ'ቲ ናይ ደባይ ተዋጋኢ ዝነበረ ሎሬን ካቢላ ዝነበሮ ምትእስሳር ብምስትብሃል፡ ንሓደገኛነት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ማእከላይ ስለያ ኣመሪካ C.I.A. ብኣስተብህሎ ጠሚትዎ ዝነበረ መስርሕ ኢዩ።

ካብ 1973 ክሳብ 1996 ቀንዲ ተልእኾ እስቲፋኖስ ሃይለ መኮነን ከኣ፡ ኣብ መሸጣ ዘይሕጋዊ ማዕድን ኣልማዝን ኣጽዋርን ዝተሞርኮሰ ኢዩ ነይሩ። እስቲፋኖስ ሃይለ መኮነን፡ ሓደ ካብቶም ምስ ስዉእ ተጋዳላይ ብርሃነ /ኣፍሮ/፡ ስዉእ ተጋዳላይ ተኪኤ ነጋሽን፡ ስዉእ ተጋዳላይ በየነ ገብረኣብን ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ዝተሰለፈ ኢዩ። ስዉእ ተጋዳላይ ብርሃነ ኣፍሮ፡ ኣብ ኲናት ምዝላቕ ባጽዕ ምስ 9ይ ዙርያ ካድር ክስዋእ እንከሎ፡ ስዉእ ተጋዳላይ በየነ ገብረኣብ ከኣ፡ ቅድሚ ስዉእ ተጋዳላይ መሓሪ ደበሳይ ከም ሓላፊ ጨንፈር ወትሃደራዊ ዕጥቅን ስንቅን ምምዳቡ፡ ስዉእ ተጋዳላይ በየነ ገብረኣብ ኢዩ ከም ሓላፊ ጨንፈር ወትሃደራዊ ዕጥቅን ስንቅን ኮይኑ ዝሰርሕ ዝነበረን፡ ሓዋ ንተጋዳሊት ሊያ ገብረኣብ በዓልቲ ቤት ብሪጋደር ጀነራል ኣብርሃ ካሳ ላዕለዋይ ሓላፊ ስለያ ሃገራዊ ድሕነት ኢዩ።

ስዉእ ተጋዳላይ በየነ ገብረኣብ ኣብ'ቲ ኣብ 1978 ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብምትሕብባር ዝተገብረ ናይ ባረንቱ ሓባራዊ ወትሃደራዊ መጥቃዕቲ ከኣ ኢዩ፡ ብድሕሪት ብናይ ወገን ሓይሊ ሕቖኡ ተሃሪሙ ዝተሰዊኣ።

ስዉእ ተጋዳላይ ተኪኤ ነጋሽ ከኣ ኣብ ምሕራር ከተማ ከረን ከም ኮምሽነር ቦጦሎኒ ተመዲቡ እናሰርሐ እንከሎ ኢዩ ተሰዊኡ። እዞም ኩሎም፡ ብጀካ እስቲፋኖስ ሃይለ መኮነን፡ ኣብ'ቲ ብመንካዕ ዝፍለጥ ምንቅስቓስ ኣባላት ኮይኖም ዝተኸሰሱ እሞ፡ ብዝተፈላለየ መቕጻዕቲ ዝተፋነዉ ኢዮም። ካቦኦም ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ልብሱ ጥራይ ኢዩ፡ ኣብ 1976 ነብሰይ እንተዘይነቐፍኩ ኢሉ፡ ናይ ነብሱ ናይ ድሕሪት ተሃድሶ ዘካየደ።

ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣብ'ቲ ኣንጻር ስርዓት ደርግ ብህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ዝተኻየደ ወትሃደራዊ ስሪሒት ፈንቅል ምሕራር ባጽዕን፡ ኣብ'ቲ ብወፍሪ ዋልልኝ ዝፍለጥ ብሰራዊት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ዝተኻየደ ወትሃደራዊ ስሪሒታት፡ ዘይንዓቕ ናይ ወትሃደራዊ ስለያ ሓበሬታ ለጊሳ ነይራ ኢያ። እዚ ኸኣ

ከም ዕላማ ኣነጺራ ንስርዓት ደርግ ካብ ስልጣን ንምእላይን፡ ንሕብረት ሶቭየት ካብ'ቲ ኸባቢ ንምድኻምን ዝኣተወቶ ስትራተጂ ኢዩ ነይሩ።

ስርዓት ደርግ ድሕሪ ስሪሒት ፈንቅልን፡ ስሪሒት ወፍሪ ዋልልኝን፡ ብወትሃደራዊ መንገዲ ኢዱ ዝሀበሉ ናይ ዜሮ ሰዓት ብምእካሉ፡ ሕብረት ሶቭየት ከኣ፡ ብውሽጣዊ ጉዳያታ ትሸምረር ብምንባራ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ነቲ ዘይተርፍ ውድቀት ስርዓት ደርግ፡ ናይ መሰጋገሪ ድልድል ህላዌኣ ክትገብሮ ካብ ዝነበራ ትልሚ፡ ነቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ መጋቢት 1981 ዘውጸኣቶ በዓል 9 ነጥቢ ኣዋጅ ሰላም ምርኩስ ብምግባር፡ ብመንገዲ ሓይሊ ዕማም ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ እቲ ካብ ሚያዝያ 16/1989 ኣትሒዙ ምስ መራሕቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን፡ መራሕቲ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ጹውቕ ሌላ መስሪቱ ዝነበረ፡ ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ነበር ጂሚ ካርተር ኣቢሉ፡ ንስርዓት ደርግ ምስ ክልቲኦም ውድባት ክትሸምግሎም ናይ ኣሰላጥነት ባይታ ክትተሓሓዞ ክትምድብ እንከላ፡ ናይ ሽዑ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ክልቲኦም ውድባት ምስ ደርግ ክዘራረቡ ክቕበሎ እንከሎ፡ ኣቦ ወንበር ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ግን፡ ብኣንጻር ኣተሓሳስባ ናይ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ልክዕ ዳርጋ ከም ሪኢቶ ናይቶም ኣብ'ቲ እዋን እቲ ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝነበሩ፡

1. ተጋዳላይ ማሕሙድ ሸሪፎ፡
2. ተጋዳላይ ሮሞዳን መሓመድ ኑር፡
3. ተጋዳላይ ሃይለ ወልደትንሳኤ፡
4. ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሞን፡
5. ተጋዳላይ ዑቕበ ኣብርሃ፡
6. ተጋዳላይ ስብሓት ኤፍሬም፡ ጉዳይ ኤርትራ ጉዳይ ሕቶ ነጻነት ክሳብ ዝኾነ፡ ምስ ጉዳይ ሕቶ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ዘተኣሳስር ስለ ዘይብሉ፡ ብነንበይኑ ኣርእስቲ እንተተታሒዙ ምስ ስርዓት ደርግ ክንዛተ ኢና ዝብል ነበረ።

ካብ'ዚ ተበጊሱ ከኣ፡ ንጉዳይ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኣትላንታን፡ ከንያን፡ ኢንግላንድን ክረአ መደባት ክተሓዞ እንከሎ፡ ንጉዳይ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ከኣ፡ ኣብ ዓዲ ጥልያንን፤ ኢንግላንድን ከም ዝተሓዝ ተገብረ። "እዚ ናቱ ነብሱ ዝኸኣለ መስርሕ ስለ ዘለዎ ምስ'ቲ ናይ ርክብ ዕምቆት ኣባል ሰናቶር ማእከላይ ስለያ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ C.I.A. ዝነበረ ሄርሞን ኮሄንን ውልቀ ስምምዕ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈውርቅን ተጋዳላይ መለስ ዜናውን ካብ ግንቦት 12-17/1991 ንዳግማይ ከኣ ካብ ሰነ 11-16/1991ዝተኻየደ ዝርርብ ናይ 11 ነጥብታት ዝርዝራቱን ክፈራርም ዝኸኣለ። ትሕዝቶ ናይቲ ስምምዕ ከኣ ብሰነድ ከም'ዚ ዝስዕብ ይመስል።

## 2ይ ክፋል

ተልእኾ ፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር ጂሚ ካርተር፡ ንኽልቲኡ ሰውራታት ምስ ስርዓት ደርግ ምሽምጋል ጥራይ ዘይኮነ፡ ፕረዚደንት ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ውን ብሰላም ስልጣን ዝሓድገሉ ባይታ ምጥጣሕ ዝብል መደብ ኣብ ኣጀንዳኡ ብምንባሩ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ብመንገዲ ናይቲ ኣብ 1972 ኣብ ኢትዮጵያ ክፍለ ሃገር ሃረር ዝነበረ መስልጠኒ ወትሃደራዊ ማእከል መኮንናት ኣሰልጣኒ ዝነበረን፡ ኣብ ሓደ ግዜ ናይ ቀረባ መሓዛ ሻለቃ መንግስቱ ሃይለማርያም ዝነበረ ካፕተን ደቪድ ዊልያም ኣቢሉ፡ ርክብ ምስ ኮሎኔል መንስግቱ ሃይለማርያም ዝኸፈተት።

ነቲ ጉዳይ ዝሓዘ ኣባል ማእከል ስለያ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ C.I.A. ቶማስ ከሊን፡ ምስ ኮለኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ርክብ ንምምስራት ኣብ ዝሓሰበሉ ግዜ ዝተጠቕመሉ ሜላ እንተነይሩ፡ ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ተባዕ ምዃኑ ምእማንን፡ ብመሳርሕቱ ተጠሊሙ ንበይኑ ተሪፉ ከም ዘሎ ምርዳእን ኢዩ ነይሩ።

ካፕተን ደቪድ ዊልያም፡ ምስ ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ኣብ ዝግበሮ ምይይጥ፡ ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ብሰላም ስልጣኑ ሓዲጉ ናብ ዝመረጾ ሃገር ንኽወጽእ ፍቓደኛ ምስ ዝኾውን፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ናይ ገንዘብ ሕሳብ ባንኩ ከም ዘይትዓጽዎን፡ ንድሕንቱ ዝከኣላ ክትገብር ምዃና ብዝኣተወትሉ መብጽዓ መሰረት፡ ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ነቲ ናይ ድሕነት ጠለብ ተቐቢሉ፡ ብመሰረት ጠለቡ፦ ኣብ መጋቢት 14/1991፡ ምስ ናይ ዝምባብወ መራሒ መንግስቲ ፕረሲደንት ሮበርት ሙጋቤ፡ ናይ ውልቂ ዘተ ድሕሪ ምክያድ፡ ብጠለቡ ብዝገበሮ ምርድዳእ ኸኣ፡ ስልጣኑ ነቲ ብድሕሪኡ እንታይ ከም ዘጋጥሞ ዘይፈለጠ፡ ጀነራል ተስፋየ ገብረኪዳን ኣስተሊሙ ኢዩ ናብ ዝንባብወ ዝተዓዝረ።

ደድሕሪ ፍጻሜ ወፍሪ ዋልልኝ፡ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ እቲ ንሓንቲ ክፍለ ሃገር ትግራይ ሓራ ምውጻእ ዝነበሮ መደብ ራሕሪሑ፡ ምስ'ቶም ኣቐዲሙ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝመስረቶም ውድባት ኢህድንን፡ ኦነግን ብምውህሃድ፡ ሓደ ናይ ሓባር ኢህወደግ ዝበሃል ጽላል ኣቘሙ መጥቃዕትታቱ ይቕጽል ነበረ። ኣብ'ዚ ህሞት'ዚ ኢዩ ድማ፡ ናይ ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ካብ ስልጣን ምእላይ ክስተት፡ ነቲ ንሓንቲ ክፍለ ሃገር ትግራይ ጥራይ ኣመልኪቱ ነጻነት ክንናጸፍ ዝጋደል ዝነበረ ሕሉፍ ናይ ኣልባንያ ኮሚኒስታዊ ኣመለኻኽታ ዝነበሮ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ኣብ ሓጺር እዋን ንመላእ ኢትዮጵያ ንኽቕጻጸር ዕድል ዘውህቦ ባብ ዝረኸበ።

ከም ውጺኢቱ ኸኣ፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ዝካየድ ዝነበረ ወተሃደራዊ ስራሒታት ብናህሪ ዝቕጽለሉ ዝነበረ ወቕቲ፡ ብተመሳሳሊ መንገዲ 'ዉን፡ ኣብ ኢትዮጵያ ካብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኣርትራ ዝተንቀሳቐሰ ሓይሊ፦ 2 ብርጌድ መካናይዝድ ኣሃዱን፡ ሓደ ኢጋር ክፍለ ሰራዊት፡ ሓደ ኣሃዱ ብርጌድ ኮማንዶ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ዝተሳተፉዎ፡ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዝግስግስ ዝነበረ መጥቃዕቲ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ 'ውን፡ ግንቦት 21/1991 ንመላእ ኣዲስ ኣበባ ክቆጻጸር ተኽእሎታት እናሃለዎ እንከሎ፡ ማእከላይ ሓይሊ ዕማም እዚ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ካብ ፔንታጎን፡ ሓድሽ ትእዛዝ ናብ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዘመሓላለፈ።

ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ብፍላይ ከኣ ማእከላይ ሓይሊ ዕማም ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን፡ ማእከለኣይ ስለያ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ C.I.A. ን፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ሕሉፍ ኣልባንያዊ ኮሙኒስታዊ ኣመለኻኽታ ዝነበሮ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ እምነት ስለ ዘይነበሮ፡ ብዝለኣኾ ወሃደራዊ መልእኽቲ መሰረት፡ ሰራዊት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ኣቐዲሙ ቅድሚ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ናብ ኣስመራ ምእታዉ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ኣብ ግንቦት 21/1991 ናብ ኣዲስ ኣበባ እንተ ኣትዩ፡ በቶም ቀንዲ ብሕቡራት መንስግታት ኣሜሪካ ከም ኣኽረርትን፡ ጸረ ነጻነት ኤርትራን፡ ጸረ ስምምዕ ሎንዶንን ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ዝእመነሎም ዝነበረ፡ ስየ ኣብርሃን ሰዓብቱን፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ንምዕራባዊ ሸነኽ ኤርትራ ዝሃድም ዝነበረ ሰራዊት ደርግ፡ ዳግመ ምውዳብ ብምክያድ፡ ኣንጻር ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ከሰልፍዎ ከም ዝኽእሉ ብምግማት፡ *ማእከላይ ሓይሊ ዕማም እዚ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ካብ ፔንታጎን ዝለኣኾ ወተሃደራዊ መልእኽቲ ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ "ቀልጢፍኩም ውሻጠኹም ተቖጻጸሩ" ዝብል ኢዩ ነይሩ።*

ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ካብ'ቲ ኣብ 1980 ክሳብ 1981 ዝነበረ ናይ ኤርትራውያን ሓድሕድ ኩናት፡ ቀንዲ ናይ ድሕሪት ቀላሲት ብምንባራ፡ ካብ'ቲ ንሜዳ ኤርትራ ንበይኑ ዝተቖጻጸረ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ናይ'ዚ ዞባ ንብለል ኾይና ናይ ምቁጽጻር ሓይላ ውዕለት ናይ'ቲ ኣብ 80ታት ዝነበራ ተራ ትረኽበሉ እዋን ካብ ምምዕዳው ድሕር ኣይበለትን።

ምኽንያቱ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ካብ ሜዳ ኤርትራ ከተባርራ እንከላ፡ ኪኖ እቲ ወትሃደራዊ ስሪሒት፡ ኣብ ውሽጢ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ናይ ስለያ ስልኺታት ብምምዳብ፡ን ብመሓዙት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝኾና ሃገራት ማእከላይ ምብራቕን፡ ብቀንዱ ኸኣ ብፕረሲደንት ጃዕፈር ኣል ኑሜሪ ዝምራሕ ዝነበረ መንግስቲ ሱዳንን፡ ገዚፍ ምትእትታው ኣካይዳ ኢ.ያ።

ከም ሳዕቤን ናይዚ ኸኣ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝጸፈየቶም ናይ ስለያ ኣባላታ፡ ከም በዓል፦

1. ኣብራሃለ ክፍለ፡

2 ምሕረተኣብ (ገበሬ) ንካልኦትን ወ.ዘ.ተ. ኣብ ሜዳ ኤርትራ፡ መሳርዕ ሰራዊት ሓርነት ክትበታትን ከላ፡ ካብ ሜዳ ኤርትራ ናብ ሱዳን ኣብ ዝኣትዉሉ ግዜ ኸኣ፡ ሃገራት ምዕራብን፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን፡ ብገዚፍ ሓይሊ ክቕበልኦም ከም መደብ ዝተታሕዘ ኢ.ዩ ነይሩ።

ኣብ'ቲ እዋን ካብ ዝነበረ ዘገርም ፍጻሜ ኸኣ፡ ካብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ሃዲሙ ዝመጸ ተጋዳላይ፡ ኣብ'ቲ ናይ ናብ ወጻኢ ሃገራት ከይድካ ናይ ምጥያስ ዕድል ዘይረክብ ምንባሩ ኢ.ዩ። ማዕረ፡ ማእረ'ዚ ግን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ብመደብ ንስልኺታቱ ኢሉ ዘዋፈሮም፡ ብጉልባብ ሃዳምነት፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ግዳም መሊሳ ከይትስስን፡ ናይ ባዕሉ ወፍሪ ንምክያድ፡ ምስ'ቲ ናይ ሃገራት ምዕራብ ናይ ኣብ ወጻኢ ምጥያስ መደብ ኣባላቱ ሊ.ኢ.ኹ ኢ.ዩ።

እዚ ኹሉ ኣብ ልዕሊ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዘጋጠመ ናይ ምብትታን ወፍሪ ተበግሶ ኸኣ፡ ካብ'ቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ኣብ 1978 ብመንገዲ ናይ ሽዑ ምብራቕ ጀርመን ዝተወደበ ምስ ስርዓት ደርግ ናይ ምሽምጋል ስጉምቲ፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ካብ ቡዙሓት ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ ምድንጋጽ ስለ ዝነበራን፡ ሕብረት ሶቭየት ከኣ ከም ሜላ ዝሓዘቶ፡ ንሰውራ ኤርትራ ብ'ኽልተ ናይ'ቲ እዋን ኣተሓሳስባ ደምበ ፖለቲካ ክትፈላሊ ካብ ዝነበራ መደብ፡ ንህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ከለን ምብራቕ ጀርመን፡ ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኸኣ ብቐይሕ ምንጻፍ ኣብ ቤተ መንግስቲ ክረምሊን ሕብረት ሶቭየት ክቕበለኦም ከለዋ፡ እዚ መስርሕ'ዚ ንባዕሉ፡ ሓደ ካብ'ቲ ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ናይ ምዕራብ ተነጽሎ ከጋጥማን፡ ነቲ ቅንጸላ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ከቀላጥፍን ዝኽኣለ መስርሕ ኢ.ዩ ነይሩ።

<ትሕዝቶ ናይ'ቲ ኣብ ሞንጎ ብልኡኽ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን: ኣሕመድ ናስርን: ሕብረት ሶቭየትን ኣብ ቤተ መንግስቲ ክሬምሊን ዝተኻየደ ዝርርብን፡ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ኣብ ሞንጎ ልኡኽ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣብ ከለን ምብራቕ ጀርመን ዝተኻየደ ዝርርብን> ብፍሉይ ሰነድ ምስ ጭብጥታቱ ከቕርቦ ኢ.የ።

ማእከላይ ስለያ ሕቡራት መንስግታት ኣሜሪካ፡ ካብ ፔንታጎን ብዘመሓላለፎ ትእዛዝ ተበጊሱ ኢ.ዩ ኸኣ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ዓሪዱ ዝነበረ ሰራዊቱ፡ ነቲ ግንባር ብስሑው ዓቕሚ ብምሓዝ ኩሉ ሓይልታቱ ብደቀምሓረ ገይሩ ናብ ኣስመራ ከጥቅዕ ዝመደበን፡ ግንቦት 24/1991 ከኣ፡ ከም ውዱእ ምሕራር ኤርትራ ዝወሰዶ። እንተዘይኮይኑ ጌና ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ብመጠናዊ ቶኽሲ ናብ ኣስመራ ክግስግስ እንከሎ፡ ኣብ ከባቢ ደንከል ዝነበረ ሓይልታት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ጌና ውዑይ ኩናት የካይድ ነይሩ ኢ.ዩ። ከም ውጺኢ.ቱ ኢ.ዩ ከኣ ከተማ ዓሰብ፡ ብግንቦት 26/1991 ካብ መግዛእታዊ ሰንሰለት ሓራ ክትወጽእ እንከላ፡ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ከኣ ብህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ግንቦት 26/1991 ኢ.ያ ካብ ስርዓት ደርግ ዝተናገፈት።

ኤርትራ ካብ ስርዓት ደርግ ሓራ ክትወጽእ እንከላ፤ ናይ ሽዑ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ኣይነበረን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ውን ኣይነበረን። /ኣነ ከም ጸሓፋይ ናይዚ ጽሑፍ'ዚ እዚ ኸኣ፡ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ነበር ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈውርቂ፡ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ንዘይምንባሩ ኣመልኪተ፡ ዝኾነ ባዕላዊ ስምዒት ሒዘ ክትርጉሞ ከም ዘይደሊ፡ ነባቢ ናይዚ ዓምዲ'ዚ ክርደኣለይ ኣቐዲመ ብትሕትና ክሕብር ይደሊ። /

ኩላትና ብኽብሪ ከም እንዝክሮን እነብዕሎን፡ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ካብ ሎንዶን ብዓዲ ጥልያን ኣቢሉ ናብ ኤርትራ ክመጽእ እንከሎ፡ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ኢዩ ተጠቒሙ ነይሩ። ክንዲ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ፡ ኣቐዲሙ ቅድሚ ናብ ኤርትራ ምእታዉ፡ ሰነ 18/1991 ብዘይወግዓዊ መንገዲ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኣወ። ክሳብ ሰነ 19/1991 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኢትዮጵያ ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ፡ ሰነ 20/1991፡ ብኣዋጅ 20 <u>ሰነ 1991 ኣብ ሜዳ ኩዕሶ ኣስመራ /ቺቸሮ/ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ዝተላለየ</u>።

20 ሰነ፡ ከም ኣካል ጥምቀት ናይቶም በጃ ኹልና ዝሓለፉ ሰማእታት ዝኽሪ ኮይና ከም ዕለት ኣብ መዛግብቲ ታሪኽና ብኽብሪ ተወሪቓ ክትጥቀስ እንከላ፡ ብኣበሃህላ ዋና ጼሓፊ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ነበር ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ካብቲ ዘካየድናዮ ናይ 30 ዓመታታ ብረታዊ ተጋድሎ ዝተኻፍልናዮም መረርቲ ዉግኣት /ኩናት/፡ ዝበዝሑ ሰማእታት ዝኸፍልናሉ መኸተምታ ወትሃደራዊ ግጥም ኣንጻር ስርዓት ደርግ፡ ወፍሪ 6ይ ወራር 20 ሰነ ኢዩ ዝብል መግለጺ ሂቡ ኢዩ። ኣነ ግን ከም ጸሓፋይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም ኣካል ተምሳልን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ መጠን፡ ኣብ 20 ሰነ 1982 ዝተኻየደ መኸተምታ ኩናት ወፍሪ 6ይ ወራር ኣይነበረን። ነዚ ዝምልከት ናይ ባዕሉ ኣርእስቲ 'ውን ስለ ዘድልዮ ብመስርዕ ክትንትኖ ኢየ።

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ማዕረ፡ ማዕረ ናይ'ቲ ዝኣወጀ ምክያድ ረፈረንዶም፡ ካብ ደርግ ዝሰለቦ ዘመናዊ ኣጽዋራት፡ ብናይ ጽዕነት መጓዓዓዚ ነፈርቲ ኢትዮጵያ ገይሩ፤ ናብ'ቲ ኣቐዲሙ ካብ 1973 ኣትሒዙ ዳህሲሱ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ መሸጣ ኣጽዋራትን፡ ማዕድን ኣልማዝን ሃገራት ዓበይቲ ቐላያት ኣፍሪቃ፡ ናብ ናይ ደባይ ተዋጋኢ ሎሬን ካቢላን፡ ናይ ሕጂ ፕረዚደንት ሩዋንዳ ዘሎ ፓወል ካጋመን ምስግጋርን ምሻጥን ተተሓሒዙዎ ነይሩ ኢዩ።

እቲ ብስም ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ንዓለምን ንህዝቢ ኤርትራን ንነብሱ ዘላለየ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ብኣዛዚ መካናይዝድ ኣሃዱ /ወዲ ስኞራ/ን፡ ሰሎሞን ሃይለ /ራሻይዳ/ን፡ ኣዛዚ ክፍለ ሰራዊት ዝነበረ፡ ገረዝጊሄር ዓንደማርያም /ውጩ/ን ዝምራሕ ኣሃዱታት ብምውፋር፡ ኣንጻር ፕረሲደንት ሞቡቱ ሰሲሴኮ መራሒ ዛየር ነበር፡ ናይ ሎሚ ኮንጎ መጠነ ሰፊሕ ወትሃደራዊ መጥቃዕቲ ብምክያድ፡ *ንሎረን ካቢላ ኣብ ስልጣን ከምጽእ እንከሎ፡ 29 ተጋደልቲ ኤርትራውያን ኢዮም ተሰዊኦም።*

ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ፡ ባዕሉ ብዝመርሖ ወትሃደራዊ ስርሒት ንሎሬን ካቢላ ናብ ስልጣን ከምጸኦ እንከሎ፡ ከም ዋጋ ዓስቡ ገለ ካብ'ቲ ሰፋሕቲ ክፋል ማዕድን ዝጋሓጠ መርየት ኮንጎ ከም እጀታኡ ተዋሂቡዎ ኢዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ነዚ ዘሳልጡ ማለት፤ ኹዒቶም ማዕድን ዘቐርቡሉ ሰራሕተኛታት የድልይዎ ስለ ዝነበሩ፡ ካብ'ቶም ከም ኣገልገልቲ ስርዓት ደርግ ኣባላት ኢሰፓ ተባሂሎም ዝተኣስሩ እሞ፡ ብመንገዲ ተጋዳላይ ናይዝጊ ክፍሉ ንዓመታት ዝተፈርዱ ኤርትራውያንን፡ ኢትዮጵያውያንን፡ ከምኡ 'ውን 18 ገዳይም ተጋደልቲ ዝርከብዎም፡ ብድምር 150 ሰባት፡ ብሰንሰለት ኩሪንኩሪት ተቐፊዶም፡ ብናይ ጽዕነት መጓዓዓዚ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ናብ ኮንጎ ከም ዝኸዱ ተገይሩ።

***ምስ ምትእትታውን ምቁጽጻርን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን፡ መንግስቲ ፈረንሳን ናብ ሪፖብሊክ ኮንጎ፤ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ካብቲ ናይ ምውድዳር መድርኽ ዕደና ኣልማዝ ምስ ተገለፈ፡ ንዝነበረ ምስጢራዊ ኣሰራርሓኡ ከይቃላዕ መኣታን፡ __ነቶም 150 ሰባት ኣብ ሓደ ጋህሲ ተረሺኖም ከም ዝቐበሩ ተገይሩ ኢዩ። ነዚ ውን ሓንቲ ኣብ ጀርመን እትሕተም ጋዜጣ፡ ኣብ እዋኑ ንሕትመት ኣብጺሓቶ ነይራ ኢያ።__***

ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ፡ ናይ ዘይተመላኽነት ባህሪኡ ብተግባር ከረጋግጽ ስለ ዝደሊ ዝነበረ ኢዩ ኸኣ፡ ኣብ ክፍላ 1992 ምስ ጁቡቲ ምትኹታኽ ዝጀመረን፡ ንመንግስቲ ፈረንሳ ዘጠንቀቐን። ኪኖ'ዚ ውን፡ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ካብ 1990 ኣትሒዙ ምስ የመን ዝጀመሮ ምትኹታኽ፡ ኣብ 1995 ናብ ኩናት ከዕርጎ እንከሎ፡ ምስ ግብጺ ዝነበሮ ምትኹታኽ 'ውን፡ ናብ ተተፋናኒ መስርሕ ቀይሩዎ ኢዩ።

እቲ ብስም ናይ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ዝፍለጥ ናይ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዋና ጸሓፍን ግዝያዊ ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ዝነበረ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ቀንዲ ተዋሳኣይ መሓዛ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምዃኑ ንምርግጋጽ፡ ይትረፍዶ ተዓዲሙ፡ ከይተዓደመ 'ውን ንኣገልግሎት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንምግልጋል ብፊተውራሪ ደረጃ ንነብሱ ሰሪዑ ይሳተፍ ብምንባሩ ኢዩ ከኣ፡ ሓላፊ ሓይሊ ዕማም ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን፡ ማእከላይ መተሓባበሪ ስለያ ኣመሪካን ዝኾነ ኣዳምስ ጆን፡ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ከም ዝበሎ፡ __*"ኣብዚ ሕጂ እዋን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ደኺማ ከይጸዓረትሉ እንከላ፡ ብነጻ ኸገልግለኩም ተቀሪበ ኣለኹ ዝብል ሓዲሽ መሓዛ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምርካብና፡ ሓድሽ ጋሻና መልክዕና ከየለየ እንከሎ ኣኽቢድና ክንጽዕኖ ኣለና፣ ፫" ዝበለ።*__

ካብ'ዚ ህንጡዩነት'ዚ ብምብጋስ'ዩ ኸኣ: ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ብመደባ ንስርዓት ካርቱም ንምቕያር ክትሸባሸብ እንከላ፡ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ካርቱም ዘለዋ ስትራተጂ: ነቲ ሓድሽ መሓዛኣ ዝኾነ ብጆን ጋራንግ ዝምራሕ ሓይሊ: ኣብ ስልጣን ዝመጻሉ ሃዋህው ንምፍጣር ክትጓየ እንከላ፡ ኣቓዲማ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ነቲ ኣብ ደቡብ ሱዳን ካብ 1989 ህላዌኡ ዘረጋገጸቶ: ነዳዲ ንምብሓት ካብ ዘለዋ ርቡጽነት: ነቲ ብዘይ ዕረፍቲ ዝሃልል ዝነበረ መራሒ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ 1994፡ ኣብቲ ንስርዓት ካርቱም ንምውዳቕ ዝኸይድ ዝነበረ ስራሕ ንምስታፉ: ከም ዕላማ ክተሳትፎ እንከላ፡ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ካብ ዘለዎ ርቡጽነት ተበጊሱ ኢዩ፡ ጎኒ ጎኒ ናይ'ቲ መደብ፡ ንሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንኸሐጉስ ክብል፡ ብዘይተጸነዐ መንገዲ ድፕሎማስያዊ ዝምድናኡ ምስ ስርዓት ካርቱም: ብቐጥታ ዝበተኸ።

ነቲ ስርዓት ካርቱም ንምውዳቕ ዝተታሕዘ ስትራተጂ: ብሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ክባረኽ እንከሎ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ከም ቀንዲ ናይ'ቲ ጉዳይ ተዋሳእቲ ንኽኾኑ፡ ብሕዳር 15/1994 ዝመደበተን ሓይልታት ኡጋንዳን፡ ኢትዮጵያን፡ ኤርትራን ኢየን ነይረን።

ኣብ'ቲ ናይ ለካቲት 12/1995 ኣመራርጻ ናይ ኣሰራርሓ መሪሕነት'ዚ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ነቲ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ካርቱም ዝካየድ ስሉሳዊ ወትሃደራዊ ቅዲ ኩናት: ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ክምራሕ ክትደልዮ እንከላ፡ ንድልየት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ: ካብ ትጽቢቱ ወጻኢ ዝኾነ መራሒ መንግስቲ ኤርትራ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ነቲ ውሳኔ ክነጽጎ እንከሎ፡ ብግዲኡ ስርዓት ካርቱም፡ ብመንገዲ መራሒ ሰውራ ሊብያ ፕረዚደንት ኮሎኔል ሞዓመር ኣል ጋዳፊ ኣቢሉ፡ መንግስቲ ኡጋንዳ ካብ'ዚ ስሉሳዊ መጥቃዕቲ ኣንጻር መንግስቲ ስርዓት ካርቱም ተሳትፎኡ ከቛርጸሉ ዝኽእል ኣገባብ: ንፕረሲደንት ዩወሪ ሙሶቪኒ ክምሕጸኖ እንከሎ፡ ከም ተወሳኺ ፕረዚደንት ዩወሪ ሙሶቪኒ፡ ንመሪሕነት ኢትዮጵያ ኣብ ስሪሒት ኣንጻር ስርዓት ካርቱም ከተድምጽ እንከላ፡ ከቢድ ጸርፊን ዘለፋን ካብ መራሕ መንግስቲ ኤርትራ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ስለ ዘጋጠማ፡ ጉዳይ ኣብ ተግባር ከይወዓለ እንከሎ ክፋላለዩ ኪኢሎም ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብ'ቲ ኤርትራ ብዝለዓለ ደረጃ ዝሃነጸቶን፡ ኣብ ምምስራቱ ዝለዓለ እጃም

ዘንበረትሉን ኢጋድ ከይተረፈ 'ውን፤ ኡጋንዳ ንነብሳ ከተደስክል ኪኢላ ኢያ። እዚ፡ ንመራሕ መንግስቲ ኤርትራ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ጉዕዞኡ ዘይተጸበዮ መጽፋዕቲ ኢዩ ኮይኑዎ።

መንግስቲ ኤርትራ ከም ሳዕቤን ኣካይዳኡ: ብሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ: ኣብ ዓይኒ ተጸምዶ ትዕዝብቲ ክኣቱ ኪኢሉ ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ምስቲ ኣቐዲሙ ኣብ መጀመርታ ነጻነት መደረ ኢሰያስ ኣፈወርቂ: ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን፡ ኣብ ኣዳራሽ ዩኒቨርስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን፡ ኣብ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን ዘስምዖ መደረ፡ ኣብ ዓይኒ ትዕዝብቲ ምእታዉ ንመንግስቲ ኤርትራ ቀሊል ክሳራ ኣይነበረን።እቲ ዝዓበየ ሳዕቤን ክሳራ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ'ቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ኣብ 1994፡ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኣልቦ ሶማል፡ ንናይ ኩናት ንጉስ ፋራሕ ኣይዲድ ንዝወሰደቶ ወትሃደራዊ መጥቃዕቲ፡ ኢዱ ንኸይህብ ዝተቓወመ ፋራሕ ኣይዲድ፡ ንድልየት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ብምቅዋም፡ መንግስቲ ኤርትራ ንፋራሕ ኣይዲድ ብሓምለ 13/1994 ኣብ ሆቴል እምባሶይራ ክዕቆብ ምፍቓዱ፤ መንግስቲ ኤርትራ ኅደና ውድቀቱ ብናቱ ናይ ጣልቃ ኣእታውነት ባዕሉ'ዩ ዘቀላጥፍ ነይሩ።

<u>ድሕሪ ኩናት ኤርትራን፡ የመንን፡ ዝሰዓበ ኩናት ኢትዮ_ኤርትራ ብናይ ቀረባ መሓዙት ዝተባህላ ሩዋንዳን፡ ኣሜሪካን ዝቐረበ ዘተ ሰላም፡</u> <u>በቲ ቅልጽሙ ዝሓበጠ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ክንጸግ እንከሎ፡</u> <u>እቲ ንስሙ ስማዊ ካቢነት ተዋሂቡ ዝነበረ ልሙስ ካቢነ ሚኒስተራት 'ውን፡ እቲ ዝቐረበ ዘተ ሰላም ሩዋንዳን ኣሜሪካን፡ ከም ዝተነጽገ ከም ሰቡ ብናይ ዜና ማዕከናት ኢዩ ሰሚዕዎ።</u>

ክንዲ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ፡ ገለ ኣባላት ካቢነ ሚኒስተራትን፡ ኣምባሳዶራትን፡ እንታዩ ዝገበር ዘሎ ዘስምዕ ቃና፡ ቅሬተኦም ናብ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ምስ ኣቕረቡ፡ ዝረኸቡዎ መልሲ እንተነይሩ፦ <u>"ዝረዓደ ኣእምሮ ኣብ ስራሕ ክህሉ የብሉን" ዝብል ምላሽ ኢዮም ረኺቦም</u>። በ'ኸምዚ ኸኣ እቲ ዘተ ሰላም በርዒኑ።

ከም ሳዕቤን ናይ'ዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ኸኣ፡ እቲ ብታሕቲ ታሕቲ ክዘልል ዝጸንሐ፡ ንማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር ደሞክራስን ፍትሕን ዝመርሕ ዝነበረ፡ ብስም ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ዝፍለጥ፡ ነዞም ዝስዕቡ ሰባት ዘጠቓለለ ጉጅለ፦

1. ኣቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ኣቦ ወንበር ህዝባዊ ግንባር ደሞክራስን ፍትሕን፡
2. ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ፡ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ደሞክራስን ፍትሕን፡
3. ኣቶ የማነ ገብረኣብ፡ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር ደሞክራስን ፍትሕን፡
4. ኣቶ ዓብደላ ጃብር፡ ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ሕዝባዊ ግንባር ደሞክራስን ፍትሕን፡
5. ኣቶ ዘምህረት ዮውሃንስ፡ ሓላፊ ምርምርን ስነዳን ህዝባዊ ግንባር ደሞክርሳን ፍትሕን፡
6. ኣቶ ሓጎስ ገብርሂወት ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር ደሞክራስን ፍትሕን፦

ብተግባር፦ ኣንጻር ውሳኔን ኣተሓሳስባን ካቢኔ ሚኒስተራትን፡ ቀወምቲ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶን፡ ማእከላይ ሽማግለ ህዝባዊ ግንባር ደሞክራስን ፍትሕን፡ ብጋህዲ ኅስጓስ ብምክያድ፡ ንኣተሓሳስባ ናይ'ቶም ንዘተ ዝቕበሉ ዝነበሩ፡ ኣካይዳ ክመሓየሽ ዝጠልቡ ዝነበሩን፡ ዘይተጸበይዎ ወደቓ ብምውዳቕ፡ ኪኖኡ ኣንጻር ናይ ሽዑ መሪሕነት ኣሜሪካ ሒዙ ዝነበረ ሰልፊ ደሞክራስን፡ ምምሕዳር ፕረሲደንት ቢል ኪሊንተንን ሰፊሕ ኅስጓስ ብምክያድ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ብዕሊ ኣንጻር ምምሕዳር ሕቡራት መንግስታታት ኣመሪካ፡ ናይ ሚድያ ኩናት ዝተተሓሓዞ።

ገለ ለውሃት ዝሰንጠቐም ኣሕዋት፡ ንናይ ትግሊ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ናይ ሎሚ ህዝባዊ ግንባር ደሞክርስን ፍትሕን፡ መንግስቲ ኤርትራን፡ ኣብ ብልሽውና ዘይቖማጣዕን ብንጽህናኡ ቅድሚ ምፍጣሩ ኣትሒዙ ዝጸደቐን፡ በቃ መንቅብ ዘይርከቦ ሓይሊ ገይሮም ዝጠቕስዎ ኣለዉ።

እንተኾነ ግን እቲ ሓቂ ከም መግለጺኦም ኣይኮነን። ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ካብ ግዜ እዋን ቃልሲ ጀሚሩ፡ ናብ'ተን ኣልኮላዊ መስተ ዘይፈቕዳ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ፡ ኣልኮላዊ መስተ ኣብ ምክፍፋልን፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ዕጸ ፋርስ /ሓሽሽ/ ክሳብ ብመራፍእ ዝውሰድ ዘለዎን፡ ማዕድናዊ ኣልማዝን፡ ወትሃደራዊ ንዋት ኣብ ምሻጥን፡ ምዝርጋሕን ምስግጋርን ዝዋፈር ዝነበረ ሓይሊ ኢዩ።

ብዘይካ'ዚ ኸኣ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ዓለምና 'ውን ዘይሕጋዊ ገንዘብ ዝሓጽብ ዝነበረ ሓይሊ ኢዩ ነይሩ። ሓደ ካብቶም ነዚ ዘተግብሩ ዝነበሩ ኸኣ፡ ንናይ ሕጂ ሚኒስተር ምክልኻል ስብሓት ኤፍሬም ዓቢ ሓዉ፡ ዳዊት ኤፍሬም ኢዩ ነይሩ።

ዳዊት ኤፍሬም፡ ኣብ ከም'ዚ ዝዓይነቱ ስራሓት ተዋፊሩ እንከሎ ኢዩ ነታ ሓሽሽን ዘይሕጋዊ ኣልኮላዊ መስተን ጺዒኑ ዘንቀሳቕሳ ዝነበረ መርከብ ሒዙ ስለ ዝተረኽበ፡ ኣብ ለካቲት 1983 ብመንግስቲ ጣልያን ን5ተ ዓመት ክእሰር ዝተፈርዶን፡ ኣገባቡ ብዘይተነጸረ መንገዲ ማእሰርቱ ከይወድአ ካብ ማእሰርቲ ክወጽእ ዝኸኣለን። ኣብ ከምዚ ዓይነት ስርሓት'ዚ ካብ ዝተዋፈሩ ዓበይቲ ኣሰጋገርቲ፡ ዋላ እኳ ሕጂ ገለን ኣብ ግዳም፡ ገለን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ይሃልው እምበር፦

1. እስቲፋኖስ ሃይለ መኮነን ዛየር ኮንጎ
2. ኤርሚያስ ደበሳይ /ፓፓዮ/ ሃገራት ኤውሮጳ
3. ዳዊት መንግስትኣብን ኣፍሪቃን ኤውሮጳን ሰሜናውን ደቡባውን ኣሜሪካ
4. ሰሎሞን ሓድሽን ሱዳን
5. ደስበለ ተስፋጼን /ደሱ ወዲ ማዓሎ/ ኤርትራን ማእከላይ ምብራቕን
6. ሙሴ በኺትን ሱዳንን ማእከላይ ምብራቅን
7. መሓመድ ኣሕመድ ቓስም ማእከላይ ምብራቕ ካልኦትን ዝርከቡዎም ኢዮም።

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ብጀካ እቲ ካብ ህዝቢ ኤርትራን፡ ካብ ጸላኢ ሰሊቡ ዝረኸቦ ዝነበረ ኣማኢት ኣሽሓት ዶላራት ንነኒ ገዲፍካ፡ በዚ ዘይሕጋዊ ናይ ንግዲ ኣገባባትን ካልእን ዝኣኻኸቦ ገንዘብ፡ ኣብ ሕሳቡ ሓጺቡ ብሕጋዊ መንገዲ ኣብ ዝተፈላለያ ባንክታት ዓለም ኣመዝጊቡ ናብ ቲ ብገርሂ ልቡ ዝጽበዮ ዝነበረ ህዝቢ ኣርትራ ክጽምበር እንከሎ፡ *ማዕከን ገንዘብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ 3.7 ቢልዮን ዶላር ወኒኑ ኢዩ ናብ ኣስመራ ኣትዩ።* ካብ'ቲ ዘገርም ነዚ ዓቢ ኣሃዛዊ ቁጽሪ ገንዘብ እዚ: እንትርፎ ኣቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ: ዝኾነ ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ: ይፈልጦ ዘይምንባሩ ኢዩ።

ናይ ቲ ገንዘብ ኣተሓሕዛ ኸኣ፡ ብውልቀ ሰባት ዝተመዝገበ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ዋንነቶም ምስ ህላዌ ህይወቶም ዝተኣሳሰር ሳዕቤናት: ብዘለዎ ኣሰራርሓ ኢዮም ዝጥቀምሉ ነይሮም። ድሕሪ ምሕራር መላእ ኤርትራ ኸኣ፡ ኮምሽን ንግዲ ናብ ሚኒስትሪ ክሰጋገር እንከሎ: ዝርካቡ ዋኒን እቲ ትካል፡ ናብ ትካል *09* ከስተልም ኢዩ ተኣዚዙ።

ኣብቲ ኣብ ሓምለ *1991* ኣብ ደንጎሎ ዝተኻየደ ኣኼባ ኸኣ፡ ሓደ ምስደመም ሓበሬታ ተዋሂቡ። ግንባር፦ ማለት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ነቲ ሽዑ ዝቖመ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ መትከል እግሪ ዝኾኖ፡ *250* ሚልዮን ዶላር ምልቅሑ ኢዩ።

ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ክፍላ መስከረም *1991* ምስ መንግስቲ ጣልያን ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ መንግስቲ ጣልያን ናይቲ ኣብ ውሽጢ *50* ዓመታት ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዘውረዶ ኣደራዕ ስምብራት መግዛእታዊ ሰንሰለቱ፡ ብመደቡ ከይተሓተተ ዝሰልዖ ካሕሳ ልዕሊ ኣስታት *360* ሚልዮን ዶላር እኳ እንተነበረ፡ እዚ መንግስቲ ጣልያን ንኹሉ ትሕተ ቅርጻዊ መደባት ማለት፡ ጽርግያታት ናይ ባቡር ሓዲዳትን፡ መዕርፎ ነፈርትን፡ ዘመናዊ መስመር መጓዓዝያን ዘጠቓለለ ንምትግባር ተሊምዎ ዝነበረ መደብ ናብ ኤርትራ፡ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ቃል ንቓሉ፦ "እቲ ገንዘብ ብጥረኡ ኣብ ኢድና ሃቡና" ኢሉ ብዘቕረቦ ጠለብ ገለ ክፋሉ ክወሃቦ ብምስምማዕ፡ መንግስቲ ጣልያን ነቲ ዝመደቦ መደብ ካብቲ ወንዚፍዎ ዝጸንሐ መደባት ኣብዚ እዋን ዚ ምሉእ ብምሉእ ሰሪዝዎ ይርከብ።

ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ንኹሉ ኣጋውለ ኣካይዳ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ብደቂቕ ክትከታተል ምስ ጸንሐት፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ሓደ ካብቶም ኣብ ዓለምና ካብ ዘለዉ ኣዝዮም ሓደገኛታት ጉጅለ፡ ሓደ ምኳኑ ኣብ ውሽጢ መዝገባታ ንምምዝጋብ

## <u>3ይ ክፋል</u>

<u>ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ: ነቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ: ምስ ስርዓት ደርግ ንምዝሪራብ: ብመንገዲ ምብራቕ ጀርመን ዝተሳለጠሉ: ናይ ዝርርብ ዘተ: ብሓደ ካብ'ቶም ኣብ ኣባላት ሰበ ስልጣን ስርዓት ደርግ: በዓል ስልጣን ዝነበረ ኣባል ስለያ ኣሜሪካ .ኣባል ስለያ ሕብረት ሶቭየት ዝኾነ ሻለቃ ነጋሽ ኣቢላ /ሻለቃ ነጋሽ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ናይ ብሪጋደር ጀነራል ማዕርግ ተዋሂቡዎ ኣብ መዓስከር ሳዋ ተመዲቡ ዝሰርሕ ዘሎ ዓላሚ መኮንናት ኢዩ።/</u>

ሻለቃ ነጋሽ ኣባል ደርግ ኮይኑ: ኣብ ዝርርብ ዘተ ምብራቕ ጀርመን ምስ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ንኽዛተ: ብደርግ ዝተወከለ በዓል ስልጣን ደርግ ኢዩ ነይሩ። ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ብመንገዲ ሻለቃ ነጋሽ: ንዝረኸበቶ ኹሉ ሓቤረታ ውጥን ሕብረት ሶቭየትን መሻርኽታ ስርዓት ደርግን: ንዘድልያ ብምትራፍ ንመራሕቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኸኣ ተጫንዎም ኣብ ዝነበረትሉ ህሞት ኢዩ፡ <u>ካብ ማእከል ስለያ ኬይ ጂ ቢ ሕብረት ሶቭየት ናይ ተጸዋዒ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝነበረ ሊዮትስለይ ኪሎቮንስኪ:</u> "ስርዓት ደርግ ኣብ ውሽጡ ስርዓቱ ናይ መትከል ተሃድሶ ክገብር ኣለዎ" ብምባል<u>: ንሻለቃ ነጋሽ ድሕርቲ ዝርርብ ምብራቕ ጀርመን ንኽእሰር: ናብ ሰበ ስልጣን ደርግ መልእኽቲ ዘሕለፈ</u>። ይኹን ድኣ እምበር: ኣቐዲሙ እቲ መደባት ሕብረት ሶቭየትን ማእከል ስለያ ኬይ.ጂ.ቢ.ን: ብማእከላይ ስለያ ኣሜሪካ ሲ ኣይ ኤ ተጠሊፉ ብምንባሩ: ኣሜሪካ ንኽልተ ግዜ ክትሰርሓሉ ንዘይደለየት ሻለቃ ነጋሽ: ድሕሪቲ ዝተኻየደ ዝርርብ ምብራቕ ጀርመን: ህይወቱ ንኽድሕን ጥራይ: ነቲ ሽዑ ምክትል ዋና ጸሓፊ ዝነበረ: ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ::ብዘይ ዝኾነ ተጻብኦ ንሻለቃ ነጋሽ ንሜዳ ንኽኣቱ ክፈቕደሉ ከም ዘለዎ ዝሓበረት።

እቲ ናይ ሽዑ ምኽትል ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝነበረ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ: ምስ ሰበ ስልጣን ስርዓት ደርግ: ኣብ ምብራቕ ጀርመን ብመንገዲ መራሕቲ ምብራቕ ጀርመን ኤሪክ ሆኒከር: ዘካየዶ ዝርርብ ጽሟቕ መግለጺ ምሉእ ትሕዝቶኡ ኸኣ እዚ ዝስዕብ ነበረ፦

*Russian & East German Documents on Ethiopia and the Horn of Africa, 1977-78*
*Memorandum of a Conversation between East German leader Erich Honecker and Isaiss Aforki, General Secretary of the Revolutionary Party of Eritrea, in Berlin, 31 January 1978 (dated 3 February 1978)*
*Honecker: [Welcoming remarks]*

*Aforki: We are very proud and very happy about this meeting. It is a historical meeting. The first visit of our comrades in the GDR already brought very positive results. [...] We highly appreciate the good offices of your country and your party. What we have achieved so far is already a turning-point in our fight. The results of the meeting with the Ethiopians are still uncertain, but in any case it will be a historic meeting. In the past 17 years a fierce battle has been waged. Not one meeting took place between Eritreans and Ethiopians. If something developed from this first meeting, this will not only be good for our two countries but for the peoples of the entire world. The only pre-condition for it is goodwill on the Ethiopian and on our side.*
*[Short review of the Eritrean-Ethiopian conflict.]*
*Comrade Erich Honecker: For the first dialogue with the Ethiopians it will be decisive to consider in which direction one has to*

*become active in the interest of the Revolution. We are deeply interested in the success of the Ethiopian Revolution and in the objectives of the Eritrean People's Liberation Movement. Both sides have the goal to repel the imperialist intervention and build a new humane social order. It is very painful that comrades who are ideologically close are involved in such a conflict.*
*We welcome the fact that Comrade Aforki has the determination and mandate to come to Berlin to find out together with the representatives of the DERG how the problems can be solved. We have used our influence as much as possible to make sure that you will be heard. Now much depends on the dialogue which - after 17 years - can lead to a turning-point. As I understand Comrade Aforki, he is moving in this direction.* ***In his conversation with Comrade Werner Lamberz, Comrade Mengistu indicated his readiness to grant the people of Eritrea full autonomy within the Ethiopian state. What form this should take is a matter to be dealt with by both sides.***

*The national question has immense importance for the whole Ethiopian Revolution. Its solution is also hindered by Somalia's aggression. Somalia currently receives the support of all imperialist governments. Concerning the Eritrean question, one has to see the opportunity given by [the similarity of] the contents of the Eritrean Liberation Movement and the Ethiopian Revolution. I agree with Comrade Aforki that a solution would be of great significance not only for the peoples of Ethiopia and Africa but also for all peoples.*

*We accord great significance to the currently arranged contact and the incipient dialogue. We hope it will lead to agreement. The revolutionary streams belong together. Comrade Aforki has rightly stated that one can then proceed together against the imperialists. From my point of view, the full autonomy within the Ethiopian state is the correct solution in order to pursue together the common task of economic build-up and the creation of a progressive social order in Ethiopia and Eritrea. Your forthcoming meeting can be successful. It is a historic meeting. I am interested in the question if you, Comrade Aforki, in the case one might come to an agreement, will have the strength to implement it. Besides you, there are two other movements in Eritrea. In case of an agreement one would have to carefully plan all steps.*

*Comrade S. Aforki: The main problem is in how far Ethiopia is willing to meet our demands. It is clear from the start that if Ethiopia is not bringing along new proposals, a solution will not be possible. There is no point in discussing the possibility of unifying both revolutions. What we need are guarantees that the fight against imperialism and reaction will continue. Only one principal question is of importance.*

*Everything depends on the capabilities and tactics of our organization. We won't be picky in minor questions. It is totally clear to us that in the case of an actual agreement its implementation is the important thing. Then we will check the details and implement them patiently. Eritrea has many enemies within and without. If they all find out about it, we will have many difficulties. But we are preparing for it. It is true that we are not the only organization. That, however, does not worry us. Because of our great influence and military strength we can succeed. The other two organizations in Eritrea have allied themselves with the imperialists and the reaction in the Arabic region.*

*We have to expect that the imperialists will take advantage of the situation in case of a solution of the Eritrean problem and escalate the situation and heighten the conflict. Therefore it is necessary that the Socialist countries will guarantee a peaceful solution.*

*In the case of an agreement prudent tactics are necessary not to allow the reactionaries to exert their influence. In Ethiopia as well there are forces which are powerfully fighting against a just solution. The current regime cannot proceed against these forces by itself. This is an important question.*
*Honecker: [Report on* GDR *domestic and foreign policy]*

**መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ: ብስም ናይ ሽዑ ምኽትል ዋን ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ: ኣብ ምብራቕ ጀርመን ዘካይዶ ዝነበረ ስምምዕ: ምስ ስርዓት ደርግን ምቕባል ረጅናል ኦቶኖምን: እቲ ቀንዲ ተጋዳላይ ኣፍልጦ ኣይነበሮን ጥራይ ዘይኮነ: ብቐንዱ ንኹሉ እቲ ኣብ ዝተፈላለየ መድርኽ ዝረአ ዝነበረ ጉዕዝይ ኣካይዳ: መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ: ኣብ ወጻኢ ሃገራት ብዝነበሩ ሓፋሽ ውድባትን: ኣብ ሜዳ ብዝነበሩ ተጋደልትን: ተሪር ተቓውሞ የጋጥሞ ነይሩ ኢዩ።**

ነዚ ከምዚ ዓይነት ምንቅስቓሳት ከኣ: መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ: ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ብሓይሊ ካብ ምድቛስ ድሕር ኣይበለን። ነቲ ኣብ ስሜን ኣሜሪካ ዝተላዕለ ምንቅስቓስ: ብመንገዲ በዓል የማነ ገብረኣብ /ማንኪይ/ን ሓጎስ ገብረህይወት /ክሻ/ ቴድሮስ ሓድገምበስ ካልኦትን ክደቕስዎ እንከለዉ፡ ቴድሮስ ሓድገምበስ ናብ ሜዳ ድሕሪ ምልኣኹ: ኣብ ለካቲት 21/1980 ኣብ ሓለዋ ሰውራ ብመንገዲ ትእዛዝ ሙሳ ናይብን: ኮሚቴ ፍርዲ ዳዊት ሃብቱን ዝተረሸነ: ነቲ ቀንዲ መራሕ ናይቲ ናይ ኤናስኤ ምንቅስቓስ ዝነበረ: መንግስተ-ኣብ ካብ ፖላሶ ኣጽዲፎም ብምቕታል: ኣብ ልዕሊ እቲ ምንቅስቓስ ራዕድን ሽበራን ብምእታው: ነቶም ኣንቀሳቐስትን ተሓባበርትን ከም ዝደሃሉን: ከም ዝብተኑን ክገብሩ ኪኢሎም ኢዮም።

ነቲ ኣብ ውሽጢ ሜዳ ዝነበረ ኩነታት ከኣ: ካብቶም ነቲ ስምምዕ ዘተ ምብራቕ ጀርመን ዝተቓወሙ ኣብ ክፍሊ ንግዲ ዝነበረ ኣዛዚ ገበረኽርስቶስ: ኣብ ሕክምና ዝነበረ ኣለም ለብሰቃል: ኣብ ጨንፈር ወተሃደራዊ ዕጥቅን ስንቅን ዝነበረ ሃይለ ይግዛው :ዝርከብዎም ምሁራት ኣካላት ኣብ ክፍሊ ሓለዋ ሰውራ ክሓቁ እንከለዉ: ነቲ ኣብ መዓስከር ስንኩላን ጀልሃንቲ ብመምህር ተስፉ ዘውደ ዝተመርሐ ምንቅስቓስ: ኣንጻር መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ንምድቛስ ከኣ: ነቶም ኣንቀሳቐስቲ ካብ መርየት ሱዳን ጀልሃንቲ: ናብ ሜዳ ኣእቲኻ ንምቕጻዮም ዝነበረ መደብ: በቶም ተደለይቲ እኳ እንተፈሸለ: እቲ ዝጀመረ ምንቅስቓስ ግን ካብ ሱሩ ክመሓ ኪኢሉ ኢዩ።

ክፍሊ ሓለዋ ሰውራ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ: ካብ ዝተፈላለየ እዋናት ዝዳጎኖም ብዓሰርተታት ኣማኢት ዝቖጸሩ ቅዩዳት እኳ እንተነበሩዎ: ካብቶም ናብ ኮንጎ ብመንገዲ ምቖጽጻር ሓላፍነት እሱራት ኣብ ሓለዋ ሰውራ ቀንዲ መርማሪ ዝነበረ ወልደዝጊ ባህታ ኣቢሉ: ነቶም 18 ተጋደልቲ ዝርከቡዎም 150 ኣባላት ኢሰፓ ዝነበሩ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን: ናብ ኮንጎ ኪሰዶም እንከሎ ግን ቀንዲ ተዋሳእቲ ካብ ዝነበሩ፦

1. ነፍስሄር ሚኒስተር ዓሊ ሰይድ ዓብደላ
2. ምክትል ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ነበር ናይዝጊ ክፍሉ
3. ሓላፊ ሃገራዊ ድሕነት ብሪጋደር ጀነራል ኣብርሃ ካሳ
4. ኣማኻሪ ሕጋዊ ጉዳያት ኣብ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ኣማኒኤል ጳውሎስ
5. ሓላፊ ወጻኢ ስለያ ኮሎኔል ጋይም ተስፋሚካኤል
6. ዳኛ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዳዊት ሃብቱ
7. መርማሪ ሓለዋ ሰውራ ነበር ኮሎኔል ወልደዝጊ ባህታ
8. ኣኽባር ሕጊ ኤርትራ ነበር ሙሳ ናይብ
9. ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ዕዮ መሓመድ ኑር ዑስማን ዲጎል ኢዮም ነይሮም።

ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ዕዮ ምምሕዳሩ ኣብ ትሕቲ ቤት ስሕፈት ፕረሲደንት ኢዩ ነይሩ። ኩሉ ኣገልግሎቱ ኸኣ ነቲ ቤት ጽሕፈት ኢዩ ነይሩ።

እዚ ኹሉ ዝኾነሉ ዘሎ ጉዳይ ከኣ: ነቲ ኣብ ኮንጎ ዝነበረ ናይ ኣልማዝ ምዕዳን ጉዳይ ንምስላጥ: ሓይሊ ሰብ የድሊ ብምንባሩ: ብተመን ጉልበት ሰብ ንምምኽናይን: ነቲ ቀንዲ መደባት ንምትግባርን ዝዓለመ ኢዩ ዝኸይድ ነይሩ።

ክንዲ ዝኾነ ኸኣ ነቶም ስቪል እሱራት ኣባል ኢሰፓ ዝነበሩ: ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ዝጥርንፉዎም እሱራት ተጋደልቲ ስለ ዝተደለዩ:እዩ ድማ ነዞም ዝስዕቡ ዝርዝር ኣስማቶም ተጋደልቲ እሱራት ናብ ኮንጎ ምልኣኽ ዘድለየ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ናይ ሽዑ ግዝያዊ ፕረሲደንት ኤርትራ ኢሰያስ ኣፈወርቂ: ነቲ ኣብ ኮንጎ ዛየር ዘጋጠመ ብድሆታት ክጻወሮ ስለ ዘይከኣለ: ነቲ ናይ ምርሻን ስጉምቲ ክውሰድ ትእዛዝ ዘመሓላለፈ።

ኣብ'ቲ መስርሕ ዕደና ኣልማዝ ኮንን ዛየር ካብ ዝተረሸኑ ዝርዝር ኣስማት ተጋደልቲ፦

| ተ.ቁ. | ምሉእ ስም | ኣሃዱ | ዕ.ማእሰርቲ | ት.ዓዲ | ተ.ሓበሬታ |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ክብርኣብ ተኽለ ኣስፈዳይ | ማእከላይ ሕክምና | 1989 | ዛግር | |
| 2 | ታረቀ ኣብርሃ ተወልደ | ብርጌድ 31 | 1979 | ዓዲ-ጉዕቦ | 1ይ ዓመት ዩኒቨርስቲ ኣስመራ |
| 3 | ኢዮብ ኣስመሮም ቀላቲ | ኤምዳድ | 1984 | ጓዕቲት | ኣብ ተግባረ-ኢድ ዝተማህረ |
| 4 | ጀማል ኣሕመዲን ማሕሙድ | ኦፕረይተር ወትሃደራዊ ቤት ጽሕፈት | 1979 | ዓዲ-ጓዕዳድ | ተማሃራይ ቀሃዝ |
| 5 | ቢተው ኣርኣያ ክንፈ | ኦፕረይተር ማእከላይ መደበር | 1982 | ጽልማ | |
| 6 | ደስበለ በየነ ኣባይ | ኦፕረይተር ማ.መደበር | 1984 | መስሓል ወደከለ | |
| 7 | ብርሃነ ኢሳቕ ኣርዓዶም | መጓዓዝያ | 1989 | ኣባርዳእ | |
| 8 | መብራህቱ ሰንጋል ኣብርሃ | ኢደ ስርሓት | 1986 | ሰፍኣ | |
| 9 | ተሾመ ይርጋው ደበሳይ | ክፍሊ ታዕሊም | 1989 | 4ተ ኣስመራ | |
| 10 | ያሲንኢ ብራሂም ኢማም | ሓለዋ_ክፍሊ ዜና | 1987 | መንደፈራ | |
| 11 | ቢንያም ካፍል መረስዕ | ክፍሊ ህዝቢ | 1982 | 4ተ ኣስመራ | |
| 12 | ጂዝፕ ተኸሊያ ሃብተ | ዕጥቅን ስንቅን | 1979 | ዓዲ-ቀይሕ | |
| 13 | ገብረሚካኤል ተኸሉ ሂያቡ | ሓለዋ ሕክምና | 1987 | ደቂ-ሽሓይ | |
| 14 | ተሰማበርሄ ክንሸሓይ | ኦፕረተር | 1985 | ቃቐብዳ | |
| 15 | ሰሎሞን ምሩጽ ሃውኪ | ሓለዋ ፖ.ቤ.ጽ. | 1990 | ዑና-ናላይ | |

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| 16 | ብርሃነ ኣስረሰይ ንኣምን | ክፍሊ ዕድጊ | 1986 | ማይ-ሰራው | |
| 17 | ሰመረ መሓሪ ተስፎም | ክፍሊ ሕርሻ | 1990 | ማእለውያ | |
| 18 | ጊላይ ባህልቢ ኣርኣያ | ክፍሊ ሕርሻ | 1989 | ዓደም ዘማት | |

ይ ቕ ጽ ል፦

ውሕሉል ፈዳይ ንጉስ

*Full Source: asena-online.coms*

## 4ይ ክፋል

ኣብዚ ቕንያትዚ፡ ንዓለምና ብፍላይ ከኣ ንሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃን፡ ተዳወብቲ ሃገራት ቀይሕ ባሕሪን፡ ካቡኡ ናቡኡ ኸኣ፡ ንኤርትራውያን ኣሻቒሉ ኣብ ዘሎ ኣርእስቲ ኣትየ ክጽሕፍ እንከለኹ፡ ነቲ ሰራዊት ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶ፡ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ዝገብሮ ጉዕዞን፡ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊት ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶ፡ ቺፍ ኣድሚራል ዳኒኤል ፋን ቤንኛንኩዝ፡ ብዕለት 12/10/2008 ዝሃቦ መደረ ምርኩስ ብምግባር፡ ንዘለኒ ሓቤሬታ ንምክፋልን፡ ኣብ ወትሃደራውን ፖለቲካውን ኩነታት ናይ'ቲ ከባቢ ኣመልኪተ ጁሑፈይ ከቕርብ እንከለኹ፡ ከም ቀንዲ ሕመረት ናይ'ዚ ጹሑፍ ከኣ፡ ነቲ ቃል ብቓሉ፡ "መደባትና፡ ነቲ ኪንዮ ጸሊም ራዕዲ ዘሎ ደበና፡ ምቕንጣጥ ኢዩ!!!" ክብል፡ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊት ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶ፡ ቺፍ ኣድሚራል ዳኒኤል ቤንኛንኩዝ ኣብ ዝሃቦ ቃል እምነ መሰረት ብምግባር ኢየ።

ሰናይ ንባብ ን4ይ ክፋል፦

ርክብ ስምምዕ ዘተ መራሕቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ሰበ ስልጣን ስርዓት ደርግ ብመንገዲ ምብራቕ ጀርመን በቲ ሓደ መዳይ ከኣ ርክብ ስምምዕ ዘተ መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ምስ ሰበ ስልጣን ስርዓት ደርግ ብመንገዲ ሕብረት ሶቭየት ከም ውጺኢት ናይቲ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ዝተጓናጸፎ ወትሃደራዊ ዓወታት ኢዩ ነይሩ።

እቲ ብህዝባዊ ግንባር ዝምራሕ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ይኹን ብተጋድሎ ሓርነት ዝምራሕ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ በብናቱ ወትሃደራዊ ክንፊ ዘካየዶ ኣንጸባራቒ ዓወታት ንዝሰፍሐ ክፋል መሮየት ኤርትራን ዝዓበየ ተጽውዖ ከተማታት ኤርትራን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ብምእታው ሓራ ዝገበረሉ መድርኽ ብምንባሩ ከም ውጺኢት ወትሃደራዊ ዕብየት ዓወታቱ ካብናይ ተኻላኻልነት መድርኽ ወጺኡ ንመድርኽ ጀላነት ሰጊሩ ንስርዓት ደርግ ኣብ ናይ ምክልኻል ሓጹር የእትይዎ ብንምባሩ ኢዩ ሳላ ናይቲ ዝተኸፍለ ገዚፍ ኤርትራዊ መስዋእቲ ስርዓት ደርግ ብመንገዲ ኣማኸርቱ ናብ ናይ ዘተ ባይታ ክኣቱ ዝኸኣለ። ይኹን ድኣምበር እቲ ዝካየድ ዝነበረ ዘተ ካብ ዝደቐቕ ክሳብ እቲ ዝፈረየ ውጺኢቱ ማእከላይ ስለያ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ብወግዒ ይከታተሎን ይቆጻጸሮን ነይሩ ኢዩ። ብናቱ ኣልያ ግን ይኸይድ ኣይነበረን።

መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ነቲ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ኣንጻር ኣተሓሳሰባኡን ኣካይዳኡን ዝኸይድ ዝነበረ ኣብ ውሽጢ ሜዳ ይኹን ኣብ ወጻኢ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ምስጢራዊ ኣሰራርሓ ብምኽታል ኢዩ ዝጭፍልቕ ነይሩ። እቲ ናይ ሰሜን ኣሜሪካ ምንቅስቓስ ምስ ኩነታት ምዝላቕ ዝተኣሳሰር እኳ እንተዘይኮነ ናይ 79 ምንቅስቓስ ስንኩላን ይኹን ናይ 73 ብስም ምንቅስቓስ "መንካዕ" ናይ 78-79 "የሚን" ካብቶም ዝተዳህኩ ምንቅስቓሳት ኢዮም ነይሮም።

1. መልእኽቲ ሚስጢር (ኮድ) ኦፕረይተተር ንኩነታት መቕተልቲ ወልደንኪኤል ሃይለ ኣብ ኩናት ምሕራር ሰገነይቲ

**ንኣብነት፡ “እታ ላም ኣብ ዓደ ኣቦኣ ተሓሪዳ” ኢዩ ዝብል ነይሩ።**

**2. መቕተልቲ ሰሎሞን ወልደማርያም ኣብ 1983 ብመንገዲ ሙሳ ናይብ ኣብ ዓራግ**

**3. መቕተልቲ ኢብራሂም ዓፋ ኣብ 1985**

**4. ምርሻን ኣዛዚ ብርጌድ ምክትታል ዶባት ጸጋዘኣብ /ስርናይ/ ኣብ ኣንደርሰን**

**5. ምርሻን ኣዛዚ ቦጦሎኒ ገረዝግሄር /ኤነትረ/ን ናይ ካልኦትን ዝርዝር ናይቲ ፍጻሜታቱን ፈጸምቱን ዕለቱን ኽኣ ብሰፊሑ ምስ ጭብጥታቱ ክንጠቕሶ ክፍትን ኢየ።**

**መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብቲ ቀጻሊ ምስ ስርዓት ደርግ ዝገብሮ ዝነበረ ዝርርብ ዝያዳ ነቲ ዝርርብ ዝመርሖ ዝነበረ ኣብ ውሽጢ ተጋደልትን ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራን ከም ምኽትል ዋና ጸሓፊ ናይ'ቲ ውድብ ዝፍለጥ ዝነበረን ብናይ ግዳም ሓይልታት ግን ከም ቀንዲ ዋና ጸሓፊ  ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኮይኑ ዝሰርሕ ዝነበረ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኢዩ ዝእለ ነይሩ። ብሸነኽ ስርዓት ደርግ ኸኣ ኣብዚ ካልኣይ ርክብ ብኣቶ ብርሃኑ ባዩህ ይምራሕ ነይሩ።  ዝርዝር ውጺኢት ናይቲ ካልኣይ ዙርያ ርክብ ከኣ ነዚ ይመስል ነይሩ፦**

*Russian & East German Documents on Ethiopia and the Horn of Africa, 1977-78 SED official Hermann Axen to E. Honecker, 18 April 1978, enclosing Draft Letter from Honecker to Brezhnev on Ethiopian-Eritrean Talks, 19 April 1978*

*Enclosure: Honecker to Brezhnev, 19 April 1978*

*Esteemed Comrade Leonid Ilyich Brezhnev!*

*On 23 March 1978, the second meeting between the representatives to the Provisional Military Administrative Council of Socialist Ethiopia and the Eritrean Liberation Front took place. Upon request by the Politburo of the CC of the SED, Comrade Hermann Axen, member of the Politburo and CC secretary, participated in the talks.*

*[Berhanu Bayeh and Aforki declared again their desire to terminate the bloodshed and to do everything to solve the Eritrean problem by peaceful means.]*

*Despite this declaration made by both negotiators, the political negotiations showed that the positions on both sides had become stiffer.*

*The representative of the Provisional Military Administrative Council was inclined to favor a predominantly military solution of the Eritrean problem. They did not make any concrete or constructive proposals for a peaceful and political solution although Comrade Werner Lamberz had agreed with Mengistu Haile Mariam on working papers in December 1977. The attitude of the representatives of the Eritrean Liberation Movement illustrated, on the other hand that, under the pressure by the leadership of the Sudan and the Arab reaction, there has been a strengthening of nationalist, openly separatist forces within the Eritrean movements, especially by means of the coordination between the Eritrean People's Liberation Front and the Eritrean Liberation Front (Revolutionary Council).*

*The leader of the Eritrean People's Liberation Front, Aforki, presented the demand for a separate Eritrean state in even harsher terms. Only after long sharp discussion was he willing to agree to this second meeting and to the further examination of the proposals made by the SED. Thus it was possible to hold the second*

*meeting. In the course of the meeting, the representatives of the Ethiopian leadership and the EPLF reiterated their known positions. They accepted the SED proposal - this proposal was, as is well known, agreed to by the CC of the CPSU - to put the following four points before the Provisional Military Administrative Council and the Central Committee of the EPLF as recommendations for a settlement:*

1. *Both sides confirm their resolve to stop the bloodshed immediately and bring about a political solution.*

*2. The Provisional Military Administrative Council of Ethiopia will make a public declaration expressing its concrete proposals for the implementation of regional autonomy for Eritrea in the framework of the Ethiopian state and under inclusion of all willing positive forces in Eritrea. The Central Committee of the EPLF recognizes the achievements of the Ethiopian Revolution and declares itself ready for cooperation in the interest of implementation of regional autonomy.*

*3. Revolutionary Ethiopia's secure access to the Red Sea must be guaranteed by its uninterrupted access lines and its control over Asmara and the ports of Massawa and Assab.*

*4. Both sides form a common commission for the purpose of implementing the above points and all other steps for the security of the Revolution in Ethiopia and regional autonomy in Eritrea.*

*It was agreed to inform the leadership organizations of Ethiopia and of the EPLF and have them communicate their positions on the results of the second meeting and the proposals of the SED at a third meeting in the GDR in mid-May.*

*Thus the second meeting undermined all attempts by the representatives of the EPLF to break off all political contacts and negotiations with the Provisional Military Administrative Council of Ethiopia [as they had previously intended to do].*

*But the situation involves the acute danger that the fighting over Eritrea will escalate and that the Arab reaction and the imperialists will intervene even further and attempt to internationalize the conflict. This would severely endanger the revolutionary developments in Ethiopia.*

*The Politburo of the CC of the SED is of the opinion that everything has to be done to achieve a political solution of the Eritrean question. The safeguarding of the revolutionary process in Ethiopia and its territorial as well as political integrity is a necessary precondition for this. The Provisional Military Administrative Council must doubtless have reliable control over its free access to the Red Sea. This, however, must be safeguarded by political and military means. It is our impression following the recent meeting that the Provisional Military Administrative Council is only oriented towards the military tasks in this matter and, despite repeated verbal assurances, has not made any concrete political steps in winning over the Eritrean population for the implementation of regional autonomy.*

> *We therefore think that the Provisional Military Administrative Council should without further delay address an appeal to all willing forces in Eritrea for the peaceful political solution of the Eritrean problem. It would have to render more precisely the proposals it has made so far by concrete suggestions on the implementation of the right for self-determination of the different nations within Ethiopia in order to speed up the process of differentiation within the Eritrean population and to isolate the reactionary, separatist forces in Eritrea.*

*Based on the results of the last meeting, the Politburo of our Party proposes therefore that the Soviet comrades, in conjunction with representatives of our Party, work out internally possible solutions to the regional autonomy of Eritrea in the framework of the Ethiopian state in order to communicate them at the appropriate time to the Chairman of the Provisional Military Administrative Council, Mengistu Haile Mariam.*

**መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ምስ ስርዓት ደርግ ርክብ ኣብ ዘካይደሉ ዝነበረ ህሞት ብግዲኡ መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብመንገዲ ናይ ሽዑ ሕብረት ሶቭየት ኣብ ክረምሊን ቀይሕ ምንጻፍ ተነጺፍዎ ኢዩ ምስ ስርዓት ደርግ ናብ ዘተ ዝኣተወ ብወገን መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሽኣ ነቲ ዘተ ኣቦ ወንበር ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝነበረ ተጋዳላይ ኣሕመድ ናስር ይመርሖ ነይሩ። ዝርዝር ናይቲ ውጺኢት ዘተ ሽኣ ነዚ ይመስል ነይሩ፦**

*Russian & East German Documents on Ethiopia and the Horn of Africa, 1977-78*

*SED Department of International Relations, Information on talks of Ahmed Nasser (ELF-RC) in the USSR Solidarity Committee, 7- 8 June 1978*

*We received the following information from the CC of the CPSU:*

*The representatives of the Soviet Committee for Solidarity explained the USSR position which is based on the assumption that the solution of the Eritrean question has to be achieved within the framework of a unified Ethiopian state by means of negotiations.*

*In effect, the three talks which were held with Ahmed Nasser proved that the Eritrean friends are not yet willing to approach the question by giving up the slogan of independence for Eritrea. Their argumentation is that neither side should coerce the other one into negotiations and a solution could only be a result of unconditional negotiations.*

*In the first conversation on 7 June, A. Nasser indicated that the ELF-RC would possibly consent to a federation. In the following talks it was not mentioned again, and by the time the third talk took place on 8 June, the position of the Eritrean friends had even hardened.*

*Generally they were at pains to prove that the ELF was the best, the [most] Marxist-Leninist of the Eritrean movements. They pointed out their advantages as follows:*

*1. The ELF recognizes the progressive character of the Ethiopian Revolution.*

*2. It acknowledges the importance of the Soviet-Cuban support.*

*3. It does not demand preconditions.*

*4. It is willing to negotiate.*

*5. It favors the unification on a common democratic basis.*

*The Soviet comrades estimate that the attitude of the ELF appears to be slightly more flexible as those of the other Eritrean movements but this is, however, only an appearance.*

**ማእከላይ ስለያ ሕብረት ሰቭየት K.G.B. ብኣልያ ናቱ ነቲ በብሸንኹ ዝካየድ ዝነበረ ስምምዕ ዘተ ንምድልዳል ስርዓት ደርግን ድሕነት ሓንቲ ኢትዮጵያን ንኸተዐውት ምስተን ኣብ ክልተ ውድብ ተኸፋፊለን ዝነበራ ውድባት ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታን ብዝተፈላለየ መንገድን ክትራኸብ እንከላ ዝያዳ ኣድህቦኣ ነቲ ክልተ ሰውራ ከም ዝመናጨትን ኣብ ሓድሕዱ እምነት ከም ዘይህልዎን ኣብ ምግባር ውን ተጠቂማትሉ ኢያ። ዝያዳ ናታ ስሕበት ንምዕዋት ውን ኣብቲ ደጊማ ምስ መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዘካየደቶ ገምጋም ካልኣይ ውጺኢት ዙርያ ዝርርብ ዘተ ውጺኢቱ ነዚ ይመስል ነበረ።**

*Russian & East German Documents on Ethiopia and the Horn of Africa, 1977-78*

*Memorandum of Conversation between [SED] Comrade Friedel Trappen and Soviet Comrade R. A. Ulyanovsky in the CC of the CPSU, 11 May 1978*

*[Other participants]*

*Ulyanovsky:*

*As Comrade B.N. Ponomarev has already pointed out in the last conversation with the comrades of the SED, the CC of the CPSU considers the talks of the SED with the Eritrean movements and the Ethiopian side very useful and positive. We can still say this today. On this basis one should approach the next meeting in June as well as other meetings. We consider the four points agreed on at the last meeting as positive. If both sides really take the four points as a starting point, this would be positive for further development. We are of the opinion that the following main points should be emphasized:*

*a) The political solution of the problem and an end to the bloodshed.*

*b) The granting of regional autonomy for Eritrea, but, however, no separate national independence.*

*c) The unconditional use of Ethiopia's communications with the ports on the Red Sea.*

*d) The increased unification of the progressive forces on both sides.*

*This would be a deeply satisfying platform which could be developed further.*

The points agreed upon in the March meeting are contained in these proposals and hence could be developed further at the June meeting. This would create a real foundation for the rapprochement of both sides. The main question is, how honestly, how genuinely, and how deeply both sides will comply with these points. If one could say today that the four points are fulfilled by both sides or will soon be fulfilled, this would be a great relief for us.

The CPSU also works in this direction. It agreed to receive an ELF-RC delegation led by Ahmed Mohammed Nasser at the level of the USSR Solidarity Committee on a confidential internal basis around 20 May 1978. We will use these contacts in order to induce the representatives of the ELF-RC to have direct contact with the Provisional Military Administrative Council.

The objective is to find an appropriate solution for Eritrea within the framework of the Ethiopian state. We do not have the intention to hide from Ahmed Nasser our policy toward a unified Ethiopia. The policy of the CPSU is aimed at the unity of Ethiopia. We will try to convince Ahmed Nasser that the future development of the Eritrean people can only evolve in a unified Ethiopian state. In the discussions we will continue to pursue the line of emphasizing the unity between the Marxist-Leninist forces and national-democratic forces in Ethiopia and Eritrea.

We would like to stress that we have to be extremely tactful in our relations with Mengistu Haile Mariam and the PMAC, in particular with respect to the Eritrean question. Mengistu Haile Mariam does not have an easy stand within the PMAC in this regard. In connection with the well-known Dr. Negede [Gobeze] affair tensions have heightened within the PMAC and this has not made Mengistu's task any easier.

We would like to emphasize that all concrete initiatives on the Eritrean questions have to originate from Ethiopia. This does not mean that the Eritrean side is free of any initiatives. If we put the entire weight on the Mengistu Haile Mariam's shoulders and free Ahmed Nasser or respectively Aforki of any responsibility, this would be one-sided. The Ethiopian side is watching with great jealousy the actions of the CPSU and the SED.

Here as well one has to see the connection between Mengistu Haile Mariam's position and the people around him. Mengistu Haile Mariam deserves to be regarded by us as a man who represents internationalist positions. By contrast to him, Berhanu Bayeh and Fikre Selassie as well as Legesse Asfaw and others, for example, are marked by nationalism although they are faithful to Mengistu Haile Mariam. All steps and initiatives on the part of the CPSU, the CP Cuba, and the SED must be put forward extremely tactfully

*and carefully not to cause any protests. Frankly, the problem lies to a certain degree in the fact that we all attempt to square the circle.*

*The one side of the problem is - and we are both working on this - to solve the problem on an internationalist basis. On the other hand there are efforts to solve it on a nationalist basis. This is precisely why, I emphasize again, we have to apply maximum caution, circumspection, and tactfulness towards Mengistu Haile Mariam so that the nationalists will not grasp him by the throat.*

*In our contacts and talks with Ahmed Nasser we intend to make it unmistakably clear to him that it is necessary that all revolutionary forces join together and that the Eritrean problem is not only a national but above all a class problem which has to be solved by the common fight against the imperialists and the Arab reaction.*

*Efforts to split up Ethiopia and create a separate Eritrean state, to refuse to give Ethiopia access to the ports on the Red Sea, to drive the Soviet Union and the other Socialist countries out of this region, are not simply a national problem but a problem of international class warfare, not to speak of the fact that such a separate state would be manipulated by the Sudan and Saudi Arabia and their petrol dollars.*

*We will therefore point out to Ahmed Nasser, who claims to be a Marxist, the national and international dimension of the Eritrean problem.*

*Concerning the questions put forward by Comrade Trappen I would like to add the following consideration:*

*The basic difficulty is the fact that separatist ideas have been rooted in Eritrea for a long time. These ideas are very popular among the population, especially among the workers. This factor, the factor of the erring of the masses based on nationalism, is a given one. The main difficulty therefore is that the mass of the Eritrean population does not understand the difference between the imperial regime of Haile Selassi and the policy of the PMAC.*

*The fight continues as in earlier times under the imperial regime. This creates the great necessity for intensified political work by the PMAC and above all by Mengistu Haile Mariam towards the Eritrean population. It was particularly this point that Comrade Leonid Ilyich Brezhnev discussed with Mengistu Haile Mariam during his trip to Moscow.*

*The PMAC is confronting a decisive, great, and huge task to get the people of Eritrea on the side of the Ethiopian Revolution. Preparations have been made but no concrete steps and measures.*

*The Soviet comrades have told Mengistu Haile Mariam and Legesse that it was now important to show the Eritrean people that the PMAC is not identical with the regime of Emperor Haile Selassi and the interests of the Ethiopian Revolution are in harmony with the interests of the progressive forces in Eritrea. Unfortunately, forces in the PMAC and Mengistu Haile Mariam himself have caused a slow-down of this necessary political work towards the people of Eritrea. Mengistu Haile Mariam is passive.*
*We completely agree with the estimate that military actions for the solution of the Eritrean question alone are pointless and, moreover, dangerous. They would widen the gap between the Eritrean people and the Ethiopian Revolution and create new intensified hatred. This does not mean that the PMAC should completely abandon military activities.*

*We think that it is necessary to exert military pressure on the Eritrean separatists forces. This especially since in regard to military matters the current situation in Eritrea is not favorable for the PMAC. It is therefore necessary to talk but at the same time to act militarily on the part of the PMAC.*

*This applies in particular to the safeguarding of important military strategic positions and especially of the communications with the ports of Massawa and Assab well as the capital Asmara, the cities Akordat, Keren, and Barentu. These military actions have to serve political measures.*
*It was emphasized in the talk between Comrade L.I. Brezhnev and Mengistu Haile Mariam that it is necessary for the PMAC to address itself to the Eritrean people. This political initiative is extremely acute today as never before. We deem it necessary that both the CPSU and the SED together exert influence on Mengistu Haile Mariam in this respect. We have to take into consideration that the position of the Eritrean movements has not become any less obstinate, because they still demand the separation of Eritrea. This shows that there are no honest efforts for a political solution on the part of the Eritrean representatives. Therefore it is correct to work for a change in the current position of the Eritrean movements. It is especially necessary to receive from them a declaration pledging that self-determination for the Eritrean people will be achieved within the framework of a Ethiopian state. We received an information [report] in early May according to which direct contacts had been established between the PMAC and the EPLF.*

*We do not know anything about the substance of these contacts. With respect to the concrete question whether it makes sense to continue the negotiations or to await military actions, Comrade Ulyanovsky stated that both sides had to be induced to [take part in] further negotiations and that at the same time a certain limited military pressure was quite useful, meaning that even with the continuation of the negotiation efforts certain military actions could not be precluded.*
*Concerning the question on the concrete coordination between the CPSU, the SED, and the Cuban CP, Comrade Ulyanovsky emphasized that all bilateral contacts with the Cuban CP are excellent and that the same applied to the SED. There has been no exchange of opinion with the People's Democratic Republic of*

*Yemen on the part of the CPSU. They have, as is well known, pulled their troops out of Ethiopia. One has to take into consideration that the situation in the PDR Yemen is difficult. The PDR Yemen has to be protected.*
*Comrade Ulyanovsky agreed to put the proposal for the creation of a mechanism for consultation and coordination before the leadership of the CPSU. Concerning the question of a possible later public announcement of our parties on the Eritrean question (in some form), it is expedient to examine this in the light of the Moscow talks with Ahmed Nasser and the planned third meeting of the Ethiopian and Eritrean sides with the SED.*
*With respect to the question of expert consultations on variants of a solution, it is possible at any time for GDR scientists [specialists] to consult with Soviet comrades about concrete questions. Comrade Ulyanovsky thinks that at this point these contacts should be limited to the level of the International Relations Departments of the Central Committees.*

*With respect to the involvement of CPSU experts in the consultation and negotiations at the third meeting, Comrade Ulyanovsky stated that he would put this question before the party leadership for decision. Concerning the guarantees called for by the Eritrean side, one can only get more precise on this point after concrete results have been achieved on the question of what, who, and to whom in some matter guarantees might be given.*
*Finally, Comrade Ulyanovsky pointed out that the attempt to keep the Ethiopian leadership from its military advance through us was a very delicate matter. The PMAC was predominantly of the opinion that even a political solution of the Eritrean question was not possible without a strengthening of Ethiopia's military positions in Eritrea and that the liberation of above-mentioned ports and cities can only be achieved by military means. The PMAC assumed that only then [would] actual and basic conditions exist for negotiations with the separatists.[...]*

**እቲ ሰውራ ኤርትራ ብወትሃደራዊ ሓይሊ ሓይሉ ዝበዝሕ መርየትን ህዝብን ሓራ ዝገበረ ክልተ ውድባት ኤርትራ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ካብቲ ኣሒዝዎ ዝነበረ ገስጋስ ንምዕጋቱ ማእከላይ ስለያ ሕብረት ሶቭየት K.G.B. ከይ ጂ ቢ ምስ ማእከላይ ስለያ ምብራቕ ጀርመን ብምስምማዕ ሓደ ናይ ማሕበርነታዊ ሓይሊ ጥርናፈ ኪዳን ዝገበረ ወትሃደራዊ ማእከል ክምስርት ብዝሃቦ ሓበሬታ መሰረት ሓደ ግዙፍ ውዳቤ ሓይሊ ዕማም ክምስርት ወጠነ።**

**ነዚ ውጥን'ዚ ዘዐውቶ መደባት ንምስኣል ከኣ ኣቐዲሙ መደባት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ክንፈ ወትሃደራዊ ትካል ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝኾነ ናይቲ ኣብ ዲያጎ ጋርስያ ዓጢቑ ዝነበረ 5ይ ጭፍራ መራኽብን ተልእኾ ውዳቤ ሰራዊት ሰመን ኣትላንቲክ ኔቶን ኣቐዲሙ ክፈልጥን ከጽንዕን ስለ ዝነበሮ ኢዩ ናይ ሕብረት ሶቭየት ሓላፊ ምክትታል ቀርኒ ኣፍሪቃ ግራቦውስኪ** Grabowski **ከምኡ 'ውን ናይቲ ሕብረት ናይ** M.F.A. **ን** C.P.S.U. **ሓላፊ ሲኒትሲን** Sinitsin **ኣብ ዝተረኽብሉ ሰውራ ኤርትራ ዝዳኸመሉ ወትሃደራዊ ሕንጻጽ ኣብ ምንዳፍን ናይ ክልቲኡ ውድባት ሰውራ ኤርትራ ማለት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ልሉይ ድኽመታትን**

**ኣብ ዓለማዊ ጉዳያት ዘለዎ ተቐባልነትን ብምድህሳስ ነቲ ክተዓጻጸፍሉ ዝጸንሑ ናይ ግዜ መውሃቢ ስምምዕ ዘተ ናብ ወትሃደራዊ ዓብላልነቶም ክቕይሩዎ 380 ዲግሪ ዝተጠወዩ።**

**ኣብዚ ዝተኻይደ ገምጋም ሕብረት ስቭየትን መሻርኽታ ኩባን ምብራቕ ጀርመንን ሊብያን የመንን ካልኦትን እንታይ ግደ ከም ዝነበረንን ኣረኣእያ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ናይ ሽዑ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን ቻይናን ፈረንሳን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ሃገራት ምዕራብ ኤውሮጳን ናይ ክልቲኡ ውድባት መራሕቲ ሰውራ ዝነበሩ መሪሕነታት ህዝባዊ ግንባርን ተጋድሎ ሓርነትን ብዓይኒ መጽናዕቲ ሕብረት ሶቭየት ከመይ ይመስል ከም ዝነበረ ዝሕብር ውሽጣዊ ሰነድ ከኣ ነዚ ይመስል ነበረ።**

*Russian & East German Documents on Ethiopia and the Horn of Africa, 1977-78 GDR Embassy in Moscow, 19 June 1978, Memorandum of a Conversation between [SED] Comrade Grabowski and the Head of the Third African Department of the [Soviet] MFA, [CPSU] Comrade Sinitsin*

*On Mengistu's speech of 14 June*

*The speech contains statements which can hardly be read without concern. One still has to assume that the military actions of the separatists have to be energetically opposed, that full and effective control by the PMAC and the Ethiopian armed forces over the cities in the north of the country and their access lines has to be assured.*

*But obviously this was not everything that the speech meant to convey. Intentions for a complete military solution of the Eritrean problem shine through. One cannot recognize any new constructive or concrete suggestions on how to proceed politically. But this is exactly what would be necessary in the current situation and in the context of corresponding necessary military actions.*

*Obviously those forces within the Ethiopian leadership which have always favored a one-sided military solution have gained ground. It also seems important that there is heightened concern about the possibility of a new delay of a solution of the problem contributing to a renewed destabilization of the revolutionary regime.*

*On Ethiopia's international situation*

*The predominant majority of Arab states is increasingly moving against Ethiopia. One should under no circumstances underestimate the danger involved in the clash between the positions of the reactionary and progressive Arab regimes in the Eritrean question which is heightened by the present policy of the Ethiopian leadership. Basically, only the People's Democratic Republic of Yemen is granting real support for the Ethiopian Revolution.*

*Algeria is acting in a very reserved way: while acknowledging the achievements of the Ethiopian Revolution, it does hardly anything concrete in support. Syria and Iraq have clearly expressed once more in recent days that they intend to give support to the [Eritrean] separatists, including military supplies. The Iraqi leadership is also interested in strengthening in every way the pro-Baathistic elements in Eritrea.*

*The Libyan position is quite unclear. Even though they rhetorically recognize the achievements of the Ethiopian Revolution, they, however, less and less explicitly oppose the separation of Eritrea. The impression that the Libyan leadership basically favors the Arabization of Eritrea is not far off. In no* case *does it want to see relations among the Arab states, especially among the countries of the rejection front, be burdened by the Eritrean question.*

*The pressure exerted by Saudi Arabia and Egypt can definitely be felt. It is difficult to say whether Arab countries will be willing to deploy troop contingents in Eritrea against Ethiopia. They will undoubtedly take into consideration that the predominant majority of African countries would oppose such a move. In their view, Eritrea is a part of Ethiopia. A separation of Eritrea would run counter to their national interest as strong separatist movements exert de-stabilizing influence in many African countries.*

*It is remarkable that similar considerations make even [Sudanese President Jafaar Al-] Numeiri waver. His attitude toward Ethiopia has become more careful, despite pressure from Saudi Arabia and Egypt. Besides the Southern problem, several other questions (refugees from Eritrea, interest in the use of the Nile) impel him to keep up somewhat normal relations with Ethiopia.*

*The African countries are in principle opposed to a change of borders. In this question the progressive [countries] and those countries which are largely dependent on the West coincide in their views, though the latter fear the revolutionary changes in Ethiopia. The common danger has even led to a rapprochement between Ethiopia and Kenya. Kenya appears more aggressive and positive [in this question] than some progressive African states. Tanzania's attitude has a very positive effect as it consistently and convincingly opposes the separation of Eritrea.*

*Nigeria, which is under strong pressure by the USA and in which the OAU has, as is well known, much influence, already showed itself to be wavering during the aggression by Somalia. Guinea, which has recently repeatedly pointed out the war of national liberation by the Eritrean people, gives Ethiopia more headaches than support.*

*In sum it can be said that the OAU does not want to allow for a confrontation and is looking for ways to confirm the inviolability of borders and the territorial integrity. How little consistent and passive the OAU is, is proved by the fact that Ethiopia has received little support and that - due to the fear of a possible split*

*- even Somalia's aggression was not condemned.*

*Nevertheless, an intervention by the Arab countries in Eritrea should run into considerable opposition within the OAU. This is in part the effect of the still deeply rooted traditional fear and resistance of the African states against Arab expansionism. At the same time, none of the African countries seriously wants to endanger its relations with the Arab states.*

*This altogether very passive and inconsistent attitude of many African countries and of the OAU was not an unimportant factor which led the Ethiopian leadership to recognize that in practice only the Socialist countries are Ethiopia's real and principal allies.*

*Among the imperialist countries, one has to pay particular attention to the efforts and activities of the USA, Italy, and France. Their situation in Ethiopia and also with respect to the Eritrean question is quite delicate.*

*All imperialist countries, of course, are interested in the elimination of the Revolutionary achievements in Ethiopia and in the establishment of a pro-Western regime. They are putting all their efforts toward this goal.*

*The NATO countries, led by the USA, base their efforts on the sober assumption that a frontal attack would hardly help to achieve their goals, would only foster the basic anti-imperialist mood of the Ethiopian people and its leadership and drive Ethiopia even closer into the hands of the Socialist community of states.*

*The USA in no case wants to burn all its bridges to Ethiopia. To the best of their abilities, they want to de-stabilize the situation in Ethiopia and the revolutionary regime, and undermine and subvert the revolutionary development in Ethiopia.*

*The imperialists aspire to take advantage of ethnic conflicts, exploit the social instability of the leadership, and encourage nationalist feelings in an effort to further stiffen the Ethiopian attitude in the Eritrean question and thereby aggravate the situation of the revolutionary regime.*

*One also has to take quite seriously the skillful attempts, in particular by the USA, to launch such arguments as "why should the solution of the Eritrean problem be done only by way of cooperation with the Soviet Union and the Socialist countries," "a certain cooperation with the USA and the West could certainly be useful," "the USA after all have considerable possibilities in effectively influencing Saudi Arabia, Egypt and other Arab countries," "the West has to offer quite constructive solutions." It is remarkable that Ahmed Nasser has pointed to this question during his talks with the Soviet comrades in Moscow.*

*The Soviet comrades, however, have no indication that these advances are actually effective. One has to assume that the USA would prefer a unified, reactionary Ethiopia to a divided Ethiopia. By using the unity slogan, they are trying to activate those reactionary and nationalist forces, which no doubt still exist, against the revolutionary regime.*

*Considering all these aspects it is not surprising that the USA, Italy, and France have officially opposed Eritrean separatism. It is also symptomatic that the United States is making obtrusive efforts to prove that it was they who recommended to Siad Barre to withdraw his troops from Ethiopia.*

*The cautious handling of aid to Somalia also shows that the USA on no account intend to keep their relations with Ethiopia - in the long run - strained. The USA and China are using Somalia and the provocative actions by Somalia against Ethiopia - which are above all intended to have a de-stabilizing effect--more for anti-Soviet than anti-Ethiopian purposes.*

*They understand that support of the Eritrean separatists would also be directed against the reactionary forces in Ethiopia.*

*With respect to Somalis, the USA are intent on establishing a foothold and bringing the leadership of the country under their firm control. In this regard attention has to be paid to the fact that they also do not consider Barre a solid partner.*

*They assume that he would deceive even the West. Nevertheless, it is to be expected that Barre will soon make a trip to the USA. He wants to gain military support in the amount of $1 billion. There are indications that the USA is willing to give $50 million.*

*With respect to similar "military abstention" by China, without doubt other motives play a role: the Chinese leadership does obviously not consider it opportune to display its military weakness in public - and especially in such a burning spot of international politics.*

*Light arms are less revealing, yet they will not allow Somalia to wage a large war against Ethiopia. In addition, China does not want to strain its relations with Africa any further.*

*With respect to the domestic situation in Somalia, one has to first emphasize that Barre is continuing to exploit nationalist slogans and considerable tribal feuds to eliminate progressive elements from the state and party apparatus and to replace them with people faithful to him.*

*This is facilitated by the fact that the party is without a broad social basis and in practice was organized by Barre from above. Barre is careful not to expound a pro-Western course. He has to acknowledge that the progressive development in the past cannot simply be crossed out.*

*The country still has sufficiently powerful progressive forces which for now are silent. He thus prefers to leave many things outwardly as they have been. Officially, the program and the organization of the party are retained. The party organization is even being activated.*

*[Signed] Grabowski.*

ካብዚ ዝተበገሰ ውጺኢት ኢዩ ኸኣ ስርዓት ደርግ ኣብ ልዕሊ ሰውራ ኤርትራ ሰፊሕ ወትሃደራዊ መጥቃዕቲ ዘበገሰን ምዝላቕ ክኸሰት ዝኸኣለን። ስርዓት ደርግ ኸኣ ነቲ ወትሃደራዊ ስራሒታቱ ብግዙፍ ዓቕሚ ወትሃደራዊ ኣጽዋርን ብዝሒ ሰራዊት ብምስላፍ ክብገስ እብሎ ኣብ'ቲ "ብግብረ ሃይል" ኢሉ ዝሰምዮ ዝነበረ ወትሃደራዊ ስያመ 12 ግብረ ሃይሊ ብምስላፍ ኢዩ ናብ ኤርትራ ዝወፈረ።

ጎኒ ጎኒ መትቃዕቲ ስርዓት ደርግ ኸኣ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኪኖ እቲ ዘካይዶ ዝነበረ ወትሃደራዊ ምክልኻል ኣብ ውሽጢ ተጋደልቲ ናይ ቅንጸላ ውፍሪ ከካይድ ብመደብ ተዋፈረ። ተጋዳላይ ሰሎሞን ወልደማርያም ከኣ ግዳይ ናይዚ ውጥን'ዚ ኮነ። ነቲ ዕማም ከኣ ብልዑል ሓላፍነት ብምኽሪ መደብ ምክትል ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ንኣባል ማእከላይ ሽማግለ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ነበር ተኽላይ ገብረማርያም "ተኽለ ዓደን" ሰፍ ዘይብል ዓቢዩ ውልቀ ሓላፍነት ተዋህበ።

## 5ይ ክፋል

መተሓሳሰቢ፦ ክም'ቲ ኣቐዲመ ብዋሕዚ ምትእስሳር ክትርኾ ዝጸናሕኩ ጽሑፍ ብቀደም ተኸተል ክኸዶ 'ኳ እንተነበረኒ፡ ታሪኻዊ ክዉንነት ብምንጽብራቕ ነዚ ህሉው ኩነታት ብዝያዳ ንምርዳእ ብፍላጥ ሓሓሊፈ ናብ ታሪኽ ክጥምት ከምዝጸናሕኩ ግሁድ እዩ። እንተኾነ ምስ ንውሓት ዋሕዚ ጽሑፍ ሓበሬታ ክውንነትን ግዜን ይቀዳደምሉ ኣብ ዘለዉ እዋን ንግዜ ቀዲምካ እዋናዊ ሓቤሬታ ብምስናቕ ንኩነታት ብምምዛን ህዝብን ሃገርን ኣብ ምድሓን ይሕግዝ ኢዩ ዝብል ግምት ስለ ዘለኒ ነቲ ዋሕዚ ሓበሬታ ካብ ክዉን መንፈሱ ከይቀየርኩ ናብቲ ክም ንፋስ እናሸበብ ዝቕድመና ዘሎ ህሉው ምዕባለታት ብምትኻር ኩለትናዊ ሓበሬታ ብምዕራፋት እናኸፋፈልኩ ኣብ ቦቶኦም ከትሕዞም ምኻነይ ቃል እናኣተኹ፡ እንሆ ናብ'ቲ ቀንድን መበገስን ዝነበረ ኣገዳስን ተኣፋፍን ቴማ ብዝያዳ ኣተኩረ ኣቕርቦ ።

ኣብ'ዚ ቅንያትዚ፡ ንዓለምና ብፍላይ ከኣ ንሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃን፡ ተዳወብቲ ሃገራት ቀይሕ ባሕሪን፡ ካቡኡ ናቡኡ ኸኣ፡ ንኤርትራውያን ኣሻቒሉ ኣብ ዘሎ ኣርእስቲ ኣትየ ክጽሕፍ እንከለኹ፡ ነቲ ሰራዊት ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ዝገብሮ ጉዕዞን፡ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊት ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶ፡ ቺፍ ኣድሚራል ዳኒኤል ፋን ቤንጃንኩዝ፡ ብዕለት 12/10/2008 ዝሃቦ መደረ ምርኩስ ብምግባር ንዘለኒ ሓቤሬታ ንምክፋልን፡ ኣብ ወትሃደራውን ፖለቲካውን ኩነታት ናይ'ቲ ከባቢ ኣመልኪተ ጹሑፈይ ከቕርብ እንከለኹ፡ ክም ቀንዲ ሕመረት ናይ'ዚ ጹሑፍ ከኣ ነቲ ቃል ብቓሉ፡ "መደባትና፡ ነቲ ኪንዮ ጸሊም ራዕዲ ዘሎ ደበና ምቕንጣጥ ኢዩ!!!" ክብል፡ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊት ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶ፡ ቺፍ ኣድሚራል ዳኒኤል ቤንጃንኩዝ ኣብ ዝሃቦ ቃል እምነ መሰረት ብምንባር ኢየ። ሰናይ ንባብ።

ሰናይ ንባብ ን5ይ ክፋል

"መደባትና፡ ነቲ ኪንዮ ጸሊም ራዕዲ ዘሎ ደበና ምቕንጣጥ ኢዩ!!!"

ኣብቲ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘሕለፎ ጸብጻብ ዓለማዊ ግብረሸበራ ምንቅስቓስ ዓል ቓዒዳ ነታ ክም መንግስቲ ኣልቦ ዝሓስባ ዘሎ ሶማልያ ዝርከቡ እስላማዊ መጋባእያ ኩለንትናዊ ሓገዝ ይገብረሎም ክም ዘሎ ሓቢሩ ነይሩ ኢዩ።

*ዓሰርተታት ኣማኢት ናይ እስላማዊ መጋባእያ ዕጡቓት ብናይ መንግስቲ ኤርትራ ምትሕብባርን ምውህሃድን ብኣልያ መንግስቲ ኤርትራ ካብ ሶማል ብመንገዲ ኤርትራ ኣቢሎም ናብ ሶርያን ሊብያን ንወትሃደራዊ ታዕሊም ከም ዝኸዱን ቡኡ ኣቢሎም ውን ናብ ናይ ሊባኖስን ሑዝብላህን ምንቅስቓሳት ተጻምቢሮም ናይ ሽሃዳ ስራሒቶም ከም ዝፍጽሙ እቲ ናይ ውድብ ሕቡራት ጸብጻብ ኣጻብዕቱ ናብ መንግስቲ ኤርትራ ብምምልካት ኢዩ ዝኸሰሰ።*

*እቲ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተመዘዘ መርማሪ ኮምሽን ኣብ ጸብጻቡ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ዝርዝራዊ ወትሃደራዊ ሓቤሬታ ናብ'ቲ እስላማዊ መጋባእያ ሓገዛት ካብ ስዑዲ ዓረብን ግብጽን ብሓፈሻ ካብ ሃገራት ዓረብ ከም ዝርክብን ክጽብጽብ እንከሎ። ነቲ ናይ ኤርትራ ተራ ግን ከም ትሑዝ ብምንጻር ኢዩ ናብ ገምጋሙ ዘተኩር ዝነበረ።*

*ነቲ መሓመድ ቓስም ሓምድ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ናይ ማእከላይ ምብራቕ ሓላፊ ጠረጽዛ ወጻኢ ዝምድናታትን ሓላፊ ዕድጊ ኣጽዋርን ኣብ ዕለት* 14/7/2007 *ካብ ኢራን ናብ ኤርትራ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ባጽዕ ዝተራገፈ* 125 Shoulder- surface-to-air missiles, 80: *ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ልክዕ ንምኻን ሰዓት* 2፡45 *ናይ ለይቲ ባዕሉ ኣብ ምርጋፉ ዝተቐበለሉ መስርሕ ኢዩ ነይሩ።*

*ብርግጽ እቲ ብዝዓበየ ሚዛንን ብገዚፍ ዓቐንን ብመንገዲ መንግስቲ ኤርትራ ናብ ዕጡቓት እስላማዊ መጋባእያ ናይ ኣጽዋር ምስግጋር ምሻጥን ዝጀመረሉ ግዜ ነቲ ስራሕ ንምክያድ ንኽምችእ ተባሂሉ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ናይ ኣስመራ ቤት ጽሕፈቱ ራሕሪሑ ናብ ወዳባዊት ከተማ ባጽዕ ዝገዓዘሉ እዋን ክፍላ* 2006 *ኢዩ።*

*ነቲ ቀንዲ ፍጻመ ንኽምችእ ተባሂሉ ኢዩ ኸኣ ኪኖ'ቲ ስማዊ ማዕርጉ ዝለዓለ ሓላፍነትን ርክብን ምስ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ዘለዎ ናይ ክብሪ ማዕርግ ብሪጋደር ጀነራል ዝኾነ ጠዓመ /መቐለ/ "ጠዓመ ሓደ ካብቶም ንፕረዚደንት ኢትዮጵያ ነበር ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ንምቕታል ብፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቅን ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናውን ኣብ* 1995 *ናብ ዝምባብዌ ተላኢኾም ዝነበሩ ተጋደልቲ ሓደ ኢዩ።" ክንዲ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ ብመንገዲ ብሪጋደር ጀነራል ጠዓመ /መቐለ/ ነታ ብሕጋዊ ናይ ንግዲ መዝገብ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ደሴት ቨርጂን ዝተመዝገበት ናይ ጽዕነት ነፋሪት ካርጎ* (Evgueny Zakharov, the owner of Aerolift, an airline with a fleet of ageing Antonov and llyushin transport aircraft, based in jehannesburg but registered in the British Virgin Islands), *ወናኒ ዝኮነ ኤቭጉኒይ ዘካሮቭ ኣብ ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ካብ ዕለት* 19 *ክሳብ* 21/08 2006 *ፍሉይ ርክብ ዝተኻየደ።*

*ብሪጋደር ጀነራል ጠዓመ /መቀለ/ ብጀካ'ቲ ናይ ኤርትራ ዲፕሎማቲክ ፓስፖርት ተራ ናይ ኢትዮጵያ ፓስፖርትን ናይ ስዑድያን ናይ ኩዌትን ፓስፖርት ዝውንን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናብ ዕጡቓት እስላማዊ መጋባእያን ናይ ታሚል ታይገርስ ዕጡቓት ጉጅለታትን ኣጽዋር ዘመሓላልፍን ነቲ ናይ ምስግጋር መስርሕ ዝመርሐን ኢዩ።*

ብሪጋደር ጀነራል ጠዓመ ብመንገዲ ኸታምን ፍቓድን ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ንኤቭጉኒይ ዘካሮቭ ክሳብ ሕጂ ናይ 76 በረራ ጉዕዞ ነፋሪት ካርጎ ጽዕነት ኣጽዋር ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ሕብረት ሶቭየት ነበር ዩክረይንን ካዛኪስታንን ከምኡ ውን ኢራንን ሊብያን ከካይድ እንከሎ እቲ ብዕለት 12/07/2008 ብቑጽሪ መዝገብ በረራ 76496 ናይ $1.5 ሚልዮን ዶላር (770.000 ሽሕ ፓውንድ) ብኮንትሮባንድ ዋጋ ክኽፈሎ እንከሎ: ናይ'ዚ ጠቕላል ተናጸል ናይ ሓደ ጉዕዞ ዋጋ ብልክዕ ካብ ካዝና መንግስቲ ኤርትራ ናብ ዘካሮቭ ዝወጽእ ዝነበረ $1.5 ሚልዮን ዶላር፡ 770.000 ሽሕ ፓውንድ እዚ ማለት ከአ ናይ'ቲ ጠቕላላ 76 ግዜ ዝተኻየደ በረራ ጉዕዞ ነፋሪት ካርጎ ዘካሮቭ ካብ መንግስቲ ኤርትራ ዝተኸፍሎ ገንዘብ ብናይ ወጻኢ ሸርፊ 114 ሚልዮን ዶላር ወይ ከአ ልዕሊ 58 ሚልዮን ፓውንድ (£ 58,520,000) ኢዩ ነይሩ። እዚ ነቲ ናይ ኣጽዋር ዋጋ ን ጎኒ ገዲፍካ ኢዩ።

ኣብ'ቲ ዝካየድ ዝነበረ ናይ ኣጽዋር ዕድግን መሸጣን መስርሕ ቀንዲ ኣብ ኤርትራ ዝመደበሩ ብመንገዲ 09 ንግዳዊ ትካል ቀይሕ ባሕሪ ዝውነን ሕጂ ኣብ ቀይዲ ብዝኣተወ ኣካያዲ ስራሕ ናይቲ ትካል ጋይም ተኪኤ ኪዳነ ንስለ ማለቱ ዝመሓደር ዝነበረ ትካል ኣስመራ ዝመደበሩ ኤሪኮ ኢንተርፕራይዝ Moscow and Asmara, the capital of Eritrea, between Aerolift and Eriko Enterprise of Asmera ን ኣብ ሞንጎ ሞስኮን ኣብ ርእሰ ከተማ ኤርትራ ኣስመራ ኣብ 13 ሓምለ 2007 ፍሉይ ናይ ኣጽዋር ዕድጊ መሸጣ ስምምዕ ተኻይዱ ኢዩ።

ብወገን ኤርትራ ከም ዝኾነ ተራ ንግዲ ኣብ ግዜ ቓልሲ ኣብ ኮምሽን ንግዲ ብዝነበረ ተጋዳላይ ታደሰ ክታሙ ክንብረሉ እንከሎ ብወገን ሞስኮ ከአ ቪቶላይ ኣንደረኒስኪ ኢዩ ክታሙ ኣንቢሩሉ ቪቶላይ ኣንድረንስኪ ኣብ ግዜ ስርዓት ደርግ ነቲ ናብ ኢትዮጵያ ዝኸይድ ዝነበረ ኣጽዋር ኣብ ሕብረት ሶቭየት ሞስኮ ኮይኑ ዘመሓድርን ዝቖጻጸርን ዝነበረ ኣባል ማእከላይ ስለያ ሕብረት ሶቭየት ከይ.ጂ.ቢ. ኢዩ።

ነዚ ክታም ስምምዕ እዚ ኣመልኪቱ ከምዚ ናይ ሕጂ ብሰፊሕ ኣይኾነን እምበር ጋዜጣ ዘ ሳንደይ ታይምስ ኣብ ናይ ወርሒ ሓምለ ሕታሙ ሓደ ቅዳሕ /ኮፒ/ ንሕታም ኣብቂዑ ናብ ነባቢ ከም ዝበጽሕ ገይሩ ነይሩ።

ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ናይ'ቲ በብእዋኑ ዘካይዶ ዝነበረ ዘይሕጋዊ ስራሓት ከይቓረጾ ካብ ዝነበሮ ስግኣት ኢዩ ብመንገዲ ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር ደሞክራስን ፍትሕን ሓጎስ ገብረሂወት /ኪሻ/ ንኣብረርቲ ነፋሪት ጽዕነት ካርጎ ነፋሪት ዘካሮቭ ኣብ ነፍስ ወከፍ ጉዕዞ በረራ ኣጽዋር ናይቲ ዘይሕጋዊ ተግባር ስረሖም £2.500 /ክልተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ፓውንድ/ ድጎማ ሞቕሽሽ ዝህቦም ዝነበረ። እዚ ኸአ ብጠቕላል ናይ 76 በረራ ጉዕዞ ድምር ዝተዋህቦ ድጎማ ሞቕሽሽ 190 ሽሕ ፓውንድ ኢዩ ነይሩ። እዚ ኸአ ብምሉኡ ካብ ካዝና መንግስቲ ኤርትራ ዝወጽእ ዝነበረ ኢዩ። ይኹን ድኣ እምበር መንግስቲ ኤርትራ ውን ዝተዓጻጸፈ መኽሰብን ድጎማን ይረኽበሉ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ናይ ዘካሮቭ ጉዕዞ በረራ ናብ ኤርትራ ምስ ዓል ቓዒዳ ርክብ ዘለዎም ናይ ብሪጣንያን ኣሜሪካን ፈረንሳን ዜግነት ዘለዎም ኣኽረርቲ ምስልምና ናብ ኤርትራ ጉዕዞኦም መንገዲ ማይ ገይሮሞ ነይሮምን ኣለዉን። ብዘይካ ናይ'ዘን ዓበይቲ ሃገራት ዓለምና ዜግነት ውን ናይ ኤርትራ ዜግነት 'ዉን ዘለዎም ኢዮም።

እቲ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ናብ ኤርትራ ዝግበር ዝነበረ ጉዕዞ በረራ ጽዕነት ኣጽዋር ካብተን ቀንዲ ናይ መሸጣ ሃገራት ከም በዓል ዩክረይንን ካዛኪስታንን ኢራንን ሞስኮን ቻይናን ኣቐዲሙ ናብ ሊብያ ምስ ኣተወ ካብ ሊብያ ናብ ኤርትራ ክኣቱ እንከሎ ገጾም ብዝተሸፈኑ ሰባት ተዓጂቡ ኢዩ ናብ ኤርትራ ዝበጽሕ ነይሩ ኩሎም እቶም ገጾም ዝተሸፈኑ ኸኣ ተዛረብቲ ቛንቛ ዓረብ ኮይኖም ዜግነቶም ዝፈልጥ ውን የለን።

ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ባጽዕ ምስ በጽሑ ጥራይ ኢዮም ምስ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቅን ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ብሪጋደር ጀነራል ፍጹም ገብረሂይወት ዝራኸቡን ጉዕዞኦም ናብ ልሙድ መሰጋገሪ መንግስቲ ኣልቦ ሃገረ ሶማልን ኣብ ገለ እዋናት ውን ናብ ዕጡቕ ጉጅለ ታይምል ታይገርስ ስሪላንካ ዝሰግር ዝነበረን ዘሎን።

ብሸነኽ እስላማዊ መጋባእያ ነቲ ምቅብባልን ምኽታር መራኽብ ሸፍትነት ባሕሪ የመር ዑቄስ ዳህሪ ኣብ ኣስመራ ኮይኑ ከወሃህዶ እንከሎ ቀንዲ ነቲ ጉዳይ ሸፍትነት ባሕሪ ከም ቀንዲ ምንጪ ኣታዊ ወጻኢ ሸርፌ ገይሩ ዝጥቀመሉን ዝመርሐን ግን ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኢዩ።

ነቲ ብመንገዲ ኤርትራ ናብ ሶማል ዝግበር ዝነበረ ናይ ኣጽዋር ምስግጋርን ምሻጥን እስላማዊ መጋባእያ ሶማል ማለት /ኪዳን ሓይልታት ዳግመ ምሕራር ሶማል/ ኣብ ክልተ ምስ ተመቕለ ኢትዮጵያ ካብቲ ኣብ ጁቡቲ ዝተኻየደ ኣኼባ ዘተ ዝርርብ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልን ኣቦ ወንበር ዳግመ ምሕራር ሶማል ዝነበረ ሸኽ ሸሪፍ ኣብ ታሕሳስ 2007 ኣፈናዊ ሓበሬታ ክትረክብ ኪኢላ ነይራ ኢያ።

እቲ ሓበሬታ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ብዝግባእ ንኽጥቀመሉ መደባ እ'ኳ እንተነበረ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣብ ልዕሊ ሸኽ ሸሪፍ ዝወጠኖ ፈተነ ቅትለትን ዝኾነ ምስጢር ምስ ዘውጽእ ኸኣ ኣብ ልዕሊኡ ናይ ቅትለት ስጉምቲ ክውሰድ ም'ኳኑ ብዝሃቦ ስውር መጠንቐቕታን ንህይወቱ ዝሰግአ ሸኽ ሸሪፍ ዝፈልጦ ዝነበረ ሓበረታ ካብ ምምጣው ክቑጠብን ክግታእን ኣኽኢሉዎ ኢዩ።

ነዚ ውን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከም መንጸፍ ናይ ውሽጣዊ ጸብጻባቱ ኣብ ግዚኡ ኣብ መዛግብቱ ኣስፊሩዎ ዝጸንሐ ትዕዝብቲ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራ ዘመልክት ኢዩ ነይሩ።

ናይ ክፍለ ሃገር ቴክሳስ ኤፍ ቢ ኣይ መርማሪ ነቲ ኣሜሪካዊ ዜግነት ዘለዎ ኣብ ከንያ ዝተቐየደ ኣብ ቴክሳስ ዝተፈረደ ኣባል ዓል ቓዒዳ ዝነበረ ግብረ ሽበራዊ ከም ዝገለጾ ነቲ ብግዜ ዝጽወድ ዝነበረ ዘመናዊ ቦምብ ኣብ ሶማል ከሰልጥን ከሎ ኤርትራውያን ኪኢላታት ውን ምሶኦም ምንባሮም ኢዩ ሓቢሩ።

ነዚ ሓቅነቱ ዘረጋገጸ ፍጻሜ ከአ ዋላ ባዕሉ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣብቲ ምስ ቲቪ ኤሪ ዝግበሮ ናይ ባጫ ቃለ መጠይቕ መንግስቲ ከንያ ብዘይሓላፍነታዊ መንገዲ ንሰለስተ ኤርትራውያን ዜጋታት ተሓባበርቲ ኣባላት እስላማዊ መጋባእያ ኢዮም ኢሉ ብምጥቃን የሕሊፉ ሂብዎም ክብል ነቶም ኣብ ክፍላ ጥሪ 2007 ኣብ ሱታፈ ኩናት ኢትዮጵያ ኣንጻር እስላማዊ መጋባእያ ዝተማረኹ ጋዜጤኛ ተስፋልደት ኪዳነ ተስፋዝጊን ጋዜጤኛ ሳልሕ እድሪስ ሳልምጋማን ሓደ ትለንተ ዝማዓርጉ ናይ ሃንደሳ ኪኢላን ብወግዒ ተኣሚኒሉ ኢዩ።

መንግስቲ ጣልያን ካብ ቅድሚ 2005 ዓመተ ምህረት ጀሚሩ ኣብ ሃገሩ ዝርከባ ዓበይቲ ኢንዱስቲሪታት ዘህልኽኦ መርዛም ሓተላ ጓሓፍ ዝግሕፉሉ ባይታ ከናዲ ድሕሪ ምጽናሕ ነቲ ኣብ ግዜ ቃልሲ ዕለት 17/02/1988 ንውዕል መንግስቲ ኢጣልያን ስርዓት ደርግን ንምግሓፍ መርዛም ሓተላ ኣብ ገማግም

ቀይሕ ባሕሪ ኣመልኪቱ ንጹር መርገጽ ወሲዱ ዝተቛወመ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኩነታቱ ብምስትብሃል ድሕሪ እቲ መንግስቲ ኢጣልያ ምስ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዕለት 14/03/2005 ኣብ ኢጣልያ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ቢሎስኮኒ ዘካየዶ ዘተ ቀንዲ ዛዕባ ዝነበረ ምግሓፍ መርዛም ሓተላ ዝተሞርኮሰ ኢዩ ነይሩ።

ክንዲ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ ብስም ጉልባብ ርክብ ኣውፈርቲ ኢጣላውያን ጉዕዞ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈውርቂ ንምስትንጋድ ጓሓፍ መርዛም ሓተላ ኢንዱስትርያዊ ትካላት ኢጣልያ ዝውዕል ዓበይቲ ስምምዓት ዝኸትምን ዝፈቅድን ዝነበረ።

ከም ውጺኢት ስምምዓቱ ኢዩ ኸኣ ኣብ ውሽጢ ወደባዊት መርየት ከተማ ባጽዕ 2 ኣብ ከባቢ ዕዳጋ 1 ከኣ ኣብ ጥዋለት ካብ ህዝቢ ተኸዊሉ ኣብ ዝተሓጽረ ናይ ሓለዋ መደበር ብድምር ኣስታት 136 ቶን መርዛም ሓተላ ጓሓፍ ዝተጓሕፈ።

ነዚ እከይ ተግባር'ዚ ሚስጢር ፈሊጡ ብምቅዋሙ ኢዩ ኸኣ ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ነበርን ደሓር ከኣ ኣብ'ቲ ኩሉ ናይ ኢጣልያ ጉዕዞ ምስ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ዝጓዓዝ ዝነበረ ኣምባሳዶር ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ዝነበረ ተጋዳላይ ዓንደሚካኤል ካሕሳይ ብመንገዲ ትእዛዝ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ናብ ኮሎነል ጋይም ተስፋሚካኤል ብዝወረደ መምርሒ ተጋዳላይ ኣምባሳዶር ዓደሚካኤል ካሕሳይ ብኣባል ሃገራዊ ድሕነት ካፕተን መሰረት እስቲፋኖስን ካፕተን ነጋሲ ዓንደን ኣብ ከባቢ ቤት ጽሕፈት ኪፍሊ ዕዮ ነበር /ጣባ/ ተቐቲሉ ዝተረኸበ።

ከም ሳዕቤን ናይ'ቲ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ዝካየድ ዝነበረ ሕንቅል ሕንቒለተይን ዝካየድ ዝነበረ ኩዕታን ክሕበሮ ወይ ከኣ ጠጠው ክብል ከም ዘለዎ ብዝሃቦ ተሪር ትእዛዝ ዘይተደላዩ ሚስጢር ክትፈልጥ ብምህቃንካ ዝብል ዕባራ ምኽኒት ኣማሓዳሪ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝነበረ ተጋዳላይ ኢብራሂም ቶቲል ብዘይ ምኽኑይ መንገዲ ካብ መዝነቱ ወሪዱ ብብሪጋደር ጀነራል ሙሳ ራባዕ ዝተተከአን። ኣይጸንሐን ብሪጋደር ጀነራል ሙሳ ራባዕ ውን ኣሰር ጉዕዞ ተጋዳላይ ኢብራሂም ቶቲል ኢዩ ኣርኪቡዎ ንሱ ውን ብግዲኡ ኣብ ሓጺር እዋን ኢዩ ብተመሳሳሊ መንገዲ ደስኪሉ።

መንግስቲ ኤርትራ ኸኣ ካብዚ መርዛም ጓሓፍ እዚ ኸኣ $21 ሚልዮን ዶላር ኣታዊ ረኺቡ ኢዩ። እቲ መስርሕ ምግሓፍ ኣገባቡ ድኣ ይፈላለ ኣሎ እምበር ዛጊት ውን ቀጻሊ ኢዩ ዘሎ።

ከም'ቲ ኣብ ናይ ዜና ማዕከናት ቲቪ ኤሪ እንሰምዖ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ምስ ሰበ ስልጣን ኢጣልያን ሰብ ርእሰ ማል ኢጣልያን ኣካይዱዎ ዝበሃል ዓሰርተታት ስምምዓት ንግዲ ንፈውሲ ማሕላ ውን ትኹን ዝተተግበረ ንግዳዊ ትካል ወይ ዝተተኸለ ኢንዱስትርያዊ ትካል ዘይምህላዉ ኸኣ ነቲ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ዘካየዶ ናይ መርዛም ሓተላ ጓሓፍ ዘመላኽት ስምምዓት ምንባሩ ዘማትእ ኣይኮነን።

ኢራን ነቲ ብማዕዶ ትከታተሎ ዝነበረት ትራጀዲ ናብ ናይ ነብሳ ኮሜዲ ንምቕያር ግዜ ኣይወሰደላን ብመንገዲ ኣሳላጥነት መሓመድ ቓስም ሓምድ ኣቢላ ኸኣ ካብ 2007 ዓመተ ምህረት ጀሚራ ብመንገዲ ኤርትራ ናብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ መርዛም ሓተላ 'ኑክሌር ዌስት' ክትጉሕፍ ኣብ ስምምዕ በጺሓ ኢያ።

ዛጊት ኢራን ኣብ'ቲ ኤርትራ ትቆጻጸሮ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ጥራይ ኣብ ክልተ መራኽብ ዝተጻዕነ 680 ቶን መርዛም ሓተላ ኑክሌስ ዌስት ክትግሕፍ ኪኢላ ኢያ።

መንግስቲ ኤርትራ ኸኣ ንምግሓፍ መርዛም ሓተላ ኑክሌስ ዌስት ከም ቀንዲ ምንጪ ኣታዊ ወጻኢ ሸርፊ ካብ ዝጥቀመሉ ምንጪ ኣታዊኡ ኢዩ ነይሩ ካብ መንግስቲ ኢራን ውን ኣማኢት ሚልዮናት ኢዩ ተኸፊሉዎ።

እዚ ኸኣ ልክዕ ከም'ቲ ነቲ ናይ ባሕሪ ሽፍትነት ብሓይሊ ዕማም ብሪጋደር ጀነራል ፍጹም ገብሪሂወት ዝምራሕ ዝነበረ ስሪሒት'ዚ 'ውን ኣብ ትሕቲ እዚ ስሪሒት ብሪጋደር ጀነራል ፍጹም ገብሪሂወት ዝምእከል ኮይኑ እቲ ቀዳማይ ጉዕዞ ናይ መርዛም ጓሓፍ ኑክሌር ዌስት ብኣባል ሓይሊ ባሕር ኤርትራ ኮሎኔል መሓሪ ደስታ ተመሪሑ ኢዩ ብዕለት 11/06/2007 ናብ ደንደስ ገምገም ቀይሕ ባሕሪ ከም ዝጓሓፍ ዝተገብረ።

ከም ፍጻሜ ዓስቢ ኮሎኔል መሓሪ ደስታ ኸኣ ኣብ'ቲ ብብሪጋደር ጀነራል ኢዮብ ፍስሃየ /ሓሊባይ/ ንተጋደልቲ ዝዕደል ዘሎ ናይ መንግስቲ ገዛውቲ ኣብ'ቲ ብወናኒ ርእሰ ማል ባራቶሎ ነበር ዝተሰርሐ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ ኣስመራ ዝርከብ ገዛውቲ ብሉጽ መንበሪ ኣባይቲ ብመንገዲ ኣፈኛ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ የማነ ገብረመስቀል /ቻርሊ/ ገዛ ከም ዝወሃቦ ዝተገብረ። ብዘይካ'ዚ ውን ከም ተወሳኺ ሓለፋ $25.000 /ዕስራን ሓሙሽተን ሽሕ ዶላር/ ብመንገዲ ብሪጋደር ጀነራል ፍጹም ገብሪሂወት ተዋሂቡዎ ኢዩ።

መንግስቲ ኤርትራ በቲ ዘለዎ ናይ ኣሳላጥነት ባህሪ ንእስላማዊ መጋባእያ ሶማል /ኪዳን ዳግመ ምሕራር ሶማል/ ንዘካይደሎም ዘሎ ታዕሊም መሳለጢ ዝኸውን ኣብ ናይ ዕለት 15/04/2002 ጉዕዞ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ናብ ሊብያ ካብ መንግስቲ ሊብያ ፕርዚደንት መዓመር ጋዳፊ ናይ $ 1.000.000.000.00 /ሓደ ቢልዮን ዶላር/ ሓገዝ ጻማ ዓስቡ ረኺቡ ኢዩ።

እቲ ኣብ ከንያ ብግዜ ዝጽመድ ቦምብ ኣብ ምጽዋድ እንከሎ ዝተታሕዘ ምስ ዓል ቓዒዳ ርክብ ዝነበሮ ኣባል እስላማዊ መጋባእያ ሶማል /ኪዳን ዳግመ ምሕራር ሶማል/ ኣብ'ቲ ን ኤፍ ቢ ኣይ ዝሃቦ ቃል ከም ዝሓበሮ እቲ ኹሉ ንዕጡቓት ኣባላት እስላማዊ መጋባእያ ሶማል /ኪዳን ዳግመ ምሕራር ሶማል/ ዝግበረሎም ምጽዋድ ቦምባታትን ቴክኒካዊ ታዕሊሙን ኤርትራ ተካይደሎም ምንባሩ ኢዩ ኣነጺሩ።

እታ 140 ቶን ዝኽብደቱ ኣጽዋር ዝጸዓነት ብዘካሮቭ ትውነን ናይ ጽዕነት መጓዓዝያ ነፋሪት ብዕለት 26 ሓምለ 2007 ኢያ ብብሪጋደር ጀነራል ጠዓመ /መቐለ/ ተሰንያ ኣብ ሶማል ዝዓለበት።

ድሕሪ'ዚ ኢዩ ኸኣ ፕረዚደንት ኣሜሪካ ጆርጅ ቡሽ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ምክትታልን ምቁጽጻርን ኣንጻር ስሪሒት እኩብ ገበነኛታትን ገበናዊ ፍጻሜ ንድሕነት ሰብኣዊ መስል ዝብል ራኢ ስምምዕ ክኸትም ዝኸኣለ።

ኣብ ክፍላ ጥሪ 2008 እታ መራኽብ ኣሜሪካ ጉዕዞኣ ከተቓርጽ ወይ ከኣ ንብረታ ክትፍተሽ ዘገደዳኣ መርከብ ኢራን ካብቲ ኣብ እዋኑ ጺዒናቶ ዝነበረት መርዛም ሓተላ ኑክሌር ዌስት መሪሑዋ ዝነበረ ውን ኣብ ኤርትራ ዝለዓለ ናይ ዳይቪንግ ክእለት ዘለዎን ተማሃራይ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝነበረን ኣብ ገለ

እዋናት ምስ ላዕለዎት ሓለፍቲ እዚ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ብዘይ ምስምምዑ ኣብ ቀይዲ ኣትዩ ዝነበረ ለተናል ኮሎኔል ተስፋንኪኤል ባሲሎስ ኢዩ። ምስ ፍሉይነት ናይዚ ዛዕባ ኸኣ ነዚ ኩነታት ዝምልከት ናቱ ፍሉይ ጽሑፍ ክገብረሉ ኢየ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ሶማልያ ናብ መድርኽ ትያትር ዓውደ ወትሃደራዊ ስሪሒታት እናተቐየረ ኣብ ዝመጻሉ ዘሎ እዋን ኢዩ ኸኣ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ጥቅምቲ 06/2008፡ ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ነቲ ኣብ ልዕሊ ንግዳዊ ንጥፈታት ቀይሕ ባሕሪ ተፈጢሩ ንዘሎ ስግኣት ጠቒሱ፡ "ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ /ሶማልያ/ ዝነጥፉ፡ ነፈርቲ ኹናትን፡ መራኽብ ውግእን ዘለወን ሃገራት፡ ኣንጻር ሽፍትነት ባሕሪ ኣድላዩ ስጉምቲ ክወስዳ" ዝጽውዕ ውሳኔ ዘሕለፈ።

ነዚ ውሳኔ'ዚ ኩለን ኣባል ሃገራት ክድግፈኦ እንከለዋ ቀዋሚ ኣምባሳዶር ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣቶ ኣርኣያ ደስታ ጥራይ ኢዩ ብትሪ ተቓዊምዎ።

ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነቲ ኣብ 20 መስከረም 2002 ብላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ቀዋሚ ኣምባሳዶር ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣምባሳዶር ኣሕመድ ጣህር ባዱሪ ኣብ መበል 57 ስሩዕ ዓመታዊ ኣኼባ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘቕረቦ ንናይ ሽዑ ምሕዝነት ብናይ ግብረ ሽበራ ዝኽሰስ መደረ ከስምዕ እንከሎ ዝተጠቕመሉ ቓና ኣብ ውሽጢ ምሕዝነት ኤርትራ ውድብ እስላማዊ ጀሃድ ኤርትራ ብምህላዉ እዚ ውድብ እዚ ኸኣ ምስ ዓል ቓዒዳ ጽኑዕ ርክብ ከም ዘለዎ ብምኽሳስ ኢዩ ጥውዮ በትሩ ብጉልባብ ምሕዝነት ምንቅስቓስ ኤርትራ ነተን ንምሕዝነት ምንቅስቓስ ኤርትራ ሓገዝ ዘብርክታ ዝነበራ ሰንዓ ፎርም ተሪር ክሱ ዘቕርበለን ዝነበረ።

ነዚ ብምምልካትን ነቲ ኩነት ብምዝካርን ኢዩ ኸኣ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ምግንጻል ፋይል ናይ'ታ ኣባል ዝኾነት መንግስቲ ኤርትራ ጎራሕ ቃና ዘለዎ ብልሒ ዝተጠቕመ።

ልክዕ ኣብ'ዚ ዕለት'ዚ ጥቅምቲ 06/2008፡ ኣብ ናይ ሰዓታት ፍልልይ ዘለዎ ኢዩ ድማ ሓይሊ ዕማም ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ምስ ማእከላይ ስለያ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ክገብሮ ብዝጸሐ ስጡም ሓቤሬታ ምልውዋጥ ምስቲ ካብ ፐንታጎን ዝተላእከሉ መልእኽቲ ብምትእስሳር ማእከላይ መደበር ስለያ ኣሜሪካን ምሉእ ኣሃዛዊ ጸብጻብ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ኣሜሪካ ብምዝማድ ላዕለዋይን ታሕተዋይን ባይቶ ኣሜሪካ ብክታም ፕረዚደንት ቡሽ ዝተሰነየ ነቲ ምስ ግብረ ሽበራውያን ምትሕብባር ኣለዎ ኢሉ ዝገለጸ መንግስቲ ኤርትራ፡ ምስ ኣሸበርቲ ሶማል ብምትሕብባርን፡ ነቶም ኣሸበርቲ ኣጽዋር የቕብልን የሰልጥንን ኣብ ሃገሩ የዕቒቡ ድማ፡ ኣንጻር እቲ ብዓለም ተቐባልነት ዘረጋገጸ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ንዝንቀሳቐሱ ጉጅለ ኣል ሸባብ የዕጥቕን የስንቕን ኣሎ፡ ብዘይካ'ዚ ድማ፡ ነቲ ዑሉል ገበነኛን፡ ምስ ኣል ቓዒዳ ምትእስሳር ከም ዘለዎ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ መዝገብ ናይ ኣሸበርቲ ዝመዝገበቶን ክትሃድኖ ዝጸንሐትን ሼኽ ሓሰን ዳህር ኣዌስ ብምትእስሳር፡ ናብ መንግስቲ ኤርትራ ዝኾነ ዓይነት ኣጽዋር ከይሸየጥን ከይሰጋገርን ናብ ኤርትራ ኣጽዋር ከይሸየጥን ከም ዝኣገደት፡ ኣመሪካ ብወግዒ ዘፍለጠትሉ መዓልትን ዕለትን ምስ መግለጺ ውሳነ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ሓደ ምዝማዱ ናይ ኣጋጣሚ ኣይነበረን።

የመር ዑቔስ ዳህሪ ናብ ኤርትራ ዝኣተ ዘሎ ሕጂ ንፋልማዩ ግዜኡ ኣይኮነን። ኣቐዲሙ 'ውን የመር ዑቔስ ካብ 1994 ጀሚሩ ነጋውስ ኩናት ሶማል ኣብ ዝገርገሩሉ ግዜ ከም ናይ ክብሪ ጋሻ መንግስቲ ኤርትራ ኮይኑ ኣብ ሓማሴን ሆቴል ክዕቆብ ከሎ ማናጀር ሓማሴን ሆቴልን እምባሶይራ ሆቴልን ዝኾነ ኣባል 72 ነበር ናይ ሕጂ ኣባል ሃገራዊ ድሕነት ናይ ክብሪ ማዕርግ ኮሎነል ሰሎሞን ኣብርሃ ፍሉይ ኣተሓሕዛ ክግበረሉ ከም ዘለዎ ኪኖ ካብ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ብናይ ሕጂ ብሪጋደር ጀነራል ማዕርግ ተሰኪሙ ዘሎ ኣብርሃ ካሳ ፍሉይ ትእዛዝ ዝተቐበለ።

ቅድሚ ቅሩብ ሰሙናት ናይዚ ፍጻሜ'ዚ ኸኣ፡ ብዕለት 22 መስከረም 2008 ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘሎ ሽፍትነት ባሕሪ ንምግታእ፡ ወትሃደራዊ ስሪሒታት ናይ ምክያድ ተኽእሎ ዘለዎ ውጥን ኣጽዲቖም ነይሮም ኢዮም።

ብተመሳሳሊ ቅዲ፡ ኣዛዚ ሓይሊ ዕማም ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣድሚራል ፊልፐ ግሪፐ፡ ምስ የመን ሽፍትነት ባሕሪ ንምቅላስን፡ ጸጥታ ኣህጉራዊ መስመር ቀይሕ ባሕሪ ንምዕቃብን ምውሓስን ክህሉ ዝግባእ ወትሃደራዊ ምውህሃድ ተዘራሪቡ።

እዚ ዝኾነሉ ግዜ ኸኣ፡ መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ነታ ከም ዝተጨውየት ዝተሓበረ፡ ግን ከኣ ናብ ማያት ኤርትራ ኣትያ ዝተሰወረት ናይ ኢራን መርከብ ንምድላይ፡ መእተዊ ፍቓድ ንኽረክብ፡ ነቶም ሽፋቱ ባሕሪ $7 ሚልዮን ዶላር ከም ዝሃበ፡ ጋዜጣዊ ሓበሬታታት ኣብ ዝግለጽሉ ዝነበሩ ልክዕ እዋን ኢዩ።

ብተዘዋዋሪ መንገዲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ነቲ ዝኸፈለቶ ናይ $7 ሚልዮን ዶላር ንቐንዲ ናይ'ቲ ምንቅስቓስ ኣስኬርየን ንኽትረክብ ኣኽኢሉዋ ኢዩ ካብ'ዚ ኩነት እዚ ተበጊሳ ኢያ፡ ነቲ ካብ ቀደም ዝጸንሐ ናይ'ዚ ከባቢ እዚ ናይ ምቁጽጻር ባህጋ ንምስማር ነቲ ካብ እዋን ዝሑል ኩናት ምስ ምጻጻእ ስርዓት ደርግ ተሓሪምዋ ዝነበረ በሪ መቐጻጸሪ ባይታ መስመር ቀይሕ ባሕሪ ደጊማ ነቲ ኣብ 1979 ዝነበረ መሪሕ ውደባ ምስ ሰራዊት ሓይልታት ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶ ብምውህሃድ ናብ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ "ወፍሪ ምጽራግ ጸሊም ደበና" ከተካይድ ወትሃደራዊ ምንቅስቓሳ ተኽርር ዘላ።

ሩስያ ብወገና፡ ኣብ መወዳእታ መስከረም 2008፡ ኣብ ገማግም ባሕሪ ሶማልያ ዳህሳስ ንምክያድ፡ ናይ ውግእ መርከብ ተበግስ ከም ዘላን፡ መራኽብ ውግእ ሩስያ ስሪሒታት ክፍጽማ ምዃነን ኣፍሊጣ።

ብፍላይ፡ ድሕሪ'ታ ምጭዋይ ናይ'ታ M.V.Faina ዝተሰምየት፡ መዓልቦኣ ኣበይ ምንባሩ ዘይተነጸረ ታንክታትን ካልእ ወትሃደራዊ ንዋትን ዝጸዓነት ናይ ዩክረይን መርከብ ምዃና ዝተረጋገጸ፡ ድሒሩ ኸኣ፡ ብዕለት 28 መስከረም 2008 ኣብ ማርሳታት ናይ ኤርትራ ብኣልያ ብሪጋደር ጀነራል ፍጹም ገብረሂወት ከም ዝተራገፈት ዝተነጸረ መርከብ ድማ፡ ሰራዊት ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶ፡ ናብ ከባቢ ቀይሕ ባሕሪ ናይ ውግእ መራኽብ ሰዲዱ።

ኣቐዲሙ ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ዝነበረ ሕጂ ግን ግብራዊ ስልጣኑ ብብሪጋደር ጀነራል ፍጹም ገብረሂወት ዝተመንጠለ ስማዊ ሓላፍነት ሒዙ ዘሎ ሜጀር ጀነራል ሑመድ ካሪካረ ኣብ ዕለት 18 ሕዳር 2007 ካብ ሓላፍነቱ ዘውረዶ ቀንዲ ምኽንያት ምስ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ንምግሓፍ መርዛም

ሓተላ ኑክሌስ ዌስት ኣመልኪቱ ብዝገበሮ ተቓዉሞ ኢዩ፡ ካብ እዝኒ ቤት ጽሕፈት ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈውርቂ ሰማዒ ዝሰኣነን ተነጽሎ ከም ዘጋጥሞ ዝተገብረን ስልጣኑ ብኻልኦት ከም ዝበሓትን ናብ ልምሰት ከም ዝቕየር ዝተገብረ።

ብርግጽ ዕብየት ናይ'ቲ ሽፍትነት ባሕሪ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ኣህጉራዊ ቤት ጽሕፈት ማሪታይም ብዝሒ ናይ'ቲ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ዘጋጠመ ክትራ፡ ልዕሊ 61 ምብጽሑ ይገልጽ። ገለ ጸብጻባት ድማ፡ ዝተኸትራ መራኽብ ንምልቃቕ ዝተኸፍለ ገንዘብ፡ ልዕሊ ኣስታት 300 ሚልዮን ዶላር ከም ዝበጽሐ ይሕብሩ። እዚ ኣሃዛዊ ጸብጻብ እዚ ግን፡ ንገለ ክፋል ናይ'ቲ ዛንታ ጥራይ'ዩ ዘመልከት።

ብዘይካ'ዚ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ መደርበዩ ባይታ ናይ ዝተፈላለዩ መርዛም ጓሓፋት ኢዩ ኮይኑ ዘሎ። እቲ ኣብ ባጽዕ ቤት ጽሕፈቱ ዝገበረ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኸኣ ነቲ ናይ ሃገር ምምሕዳር ጉዳይ ኣብ ምውፋር ክትራ መራኽብን ግዕዞ ህንደሳ መርዛም ጋሓፋትን ኢዩ ዘውዕሎ ዘሎ።

ነታ ሓይሊ ባሕሪ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ከም ዝተጨውየት ዝሕብረላ ንብረት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝኾነ The Sirius Star is carrying its full load of 2m barrels ከም ዝጸዓነት ዝንገረላ ዘሎ ብስዑድ ዓረብ እትውነን መርከብ /ታንከር/ ቅድሚ ምጭዋይ ዝነበረ ክልተ መዓልታት ዕለት 14 ሕዳር 2008 ድሮ ናብ ዕለት 15 ሕዳር 2008 ዘውግሕ ከውታ ለይቲ ኣብ 5 ፈጣናት ጀላቡ ዝተሰቕሉ ኮሎኔል መሓሪ ደስታን ካፕተን ያሲን ፈረጅን ካፕተን ሓሰን ፍካክን ዝመርሕዎም 46 ዘመናዊ ዕጥቂ ዝዓጠቑ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ናብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ገጾም ክንቀሳቐሱ እንከለዉ ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ብሪጋደር ጀነራል ፍጹም ገብሪሂወት ኢዩ ዘፋንዎም ነይሩ።

ሰንበት 16 ሕዳር 2008 ከኣ ሓንቲ ናይ ኣሜሪካ The US-bound tanker ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ሞምባሳ ክትጓዓዝ እንከላ ብሪጋደር ጀነራል ጠዓመ /መቕለ/ ምስ ኣዛዚ ባሕሪ ምንቅስቓስ እስላማዊ መጋባእያ ሶማል /ኪዳን ዳግመ ምሕራር ሶማል/ ኮማንደር ኣይዘን ሑሴን ከማል ሞቦቶሉ ኩርዲሽ ዝኾነ ኣቐዲሙ ኣብ ሰራዊት ኢራን ኣባል ሓይሊ ባሕሪ ዝነበረ ብምኽንያት ኢዮም ብዕለት 15 ሕዳር 2008 ካብ ኣስመራ ናብ ከንያ በረራ ዘካየዱ።

ኣፈኛ ሓይሊ ባሕሪ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ሌፍተናንት ናትያን ክሪስተንስ ነቲ ዝተካየደ ናይ ጭውያ ስሪሒት ዘይሓላፍነታዊ ምኽኑ ከነጽር እንከሎ፡ ዛጊት እታ ዝተጨውየት መርከብ ብዕብየታ ካብተን ኣቐዲመን ዝተጨውያ ቀዳመይ ደረጃ ዝሓዘት ኢያ።

ዛጊት ከኣ ካብታ ዝተጨውየት መርከብ 2 እንግሊዛውያን ዝርከቡዎም 25 ሰባት ህይወቶም ክድሕን ኪኢሉ ኣሎ።

ምጭዋይ ናይታ ዓባይ መርከብ ንሻቅሎት ዓለምና ኣብ ጥርዚ ኣብጺሑሉ ዘሎ እዋን ኣብ ጫፍ ናይ ፑንትላንድ ሶማል ምጭዋያ ነቲ ፍጻሜ ካብ ዝሓላለኽ መስርሕ ሓደን ነቲ ናይ ጸሊም መጋረጃ ዝቕንጥት በሪ ምኽኑ ኢዩ ዝእምት ማእከላይ መደበር ስለያ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ።

ብዘይካ'ዚ ናይ ሰሜን ኮርያ The South Korean-builet Sirius Star, owened by the Saudi Company Aramco, ዋንነት ኩባንያ ስዑዲ ዓረብ ኣራምኮ ካምፓኒ ኣብ ክፍላ መጋቢት 2008 ዝተራቐቐ ኣጽዋር ጺዒና ኢያ ኣብ ማርሳታት ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ኣብ ማርሳ ፋጥና ዝተራገፈት።

ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ብሪጣንያ ንምድሓን ናይቶም ክልተ ዜጋታቱ ኣመልኪቱ ሓበሬታ ካብ ምሃብ እኳ ተቖጢቡ እንተሃለወ ንምምካን ስሪሒት ሸፍትነት ባሕሪ ግን ካብ ቅድሚ ሕጂ ንላዕሊ ቆሪጹ ከም ዝተላዕለ በተን ናብ ቀይሕ ባሕሪ ዘበግሰን ዘሎ መራኽብ ኩናቱ ዘነጽሮ ዘሎ ሓቂ ኢዩ።

ካብ'ተን ፍሉጣት ናይ'ዚ ቀረባ እዋን ጭውያ መራኽብ ዘጋጠመን ዋንነት መራኽብ ሃገራት ከኣ መርከብ ክሮኦሽያን መርከብ ፊሊፒንስን መርከብ ፖላንድን ኢየን።

ብዘይካ እዚኦን ከኣ ምስ ምንቅስቓስ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራን እቲ ሸፍትነት ባሕሪ ዝኸረሉ ዘሎ እዋናት ናይ ጽዕነት መርከብ ጃፓን ናይ ቻይና ዘመናዊት ዓሳ መግፈፊት መርከብ ናይ ቱርኪ ኬሚካል ጽዕነት መረክብ ናብ ህንዲ እናተጋዕዘት እንከላ ዝተጨወየትሉ ግዜን ናይ ዳኒሽ ካርጎ መርከብ ዝተጨወይትሉ እዋንን እንተኾነ ውን ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ኣብ ጽዑቕ ምንቅስቓስ ኢዩ ነይሩ።

ኣብ ድሮ'ዚ ኹሉ ምዕባለታት ኢዩ ኸኣ ብዕለት 11 ሕዳር 2008 ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዜጋታቱ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ኤውሮጻውያን ናብ ኤርትራን ሶማልያን ከይገሹ ዘጠንቕቕ ተሪር ናይ መገሻ እገዳ መምርሒ ዘውጽአ።

ብዕለት 19 ሕዳር 2008 ኸኣ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ኤውሮጳ ንፈለግ መግለጺ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ንመገሻ እገዳ ናብ ኤርትራን ሶማልን ብዝምልከት ገምጋም ብምግባር ኤምባሲታቶም ኣብ ተጠንቀቕ ክጸንሑን ብዜጋታቶም ዝግበር መገሻ ናብ ኤርትራን ሶማልን ብዕጹው ማዕጾ ደው ከም ዝብልን መምርሒ ዘሕለፉ።

ብኣንጻር ናይዚ ፍጻመ እዚ ኸኣ መንግስቲ ኤርትራ ንዲፕሎማስያዊ ሕግታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ውዕል ጀነቫ ንዝፈረመሉ ዓንቀጽ 36 ሰፊሩ ንዘሎ ተፍትሽ ንዝብል ሕጊ ጢሑሱ ኣብ ልዕሊ ዲፕሎማሰኛታት ጽዑቕ ተፍትሽ ዘካይድ ዘሎ።

እቲ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊት ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶ፡ ቺፍ ኣድሚራል ዳኒኤል ፋን ቤንጃንኩዝ፡ ብዕለት 12 ጥቅምቲ 2008 ዝሃቦ መደረ "መደባትና፡ ነቲ ኪንዮ ጸሊም ራዕዲ ዘሎ ደበና ምቕንጣጥ ኢዩ!!!" ክብል ዝገለጾ ተሪር መግለጽን ሰራዊት ሓይሊ ባሕሪ ኣሜሪካ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ገጹ ገስጋስ ምክያዱን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ናይ ዕለት 11 ሕዳር 2008 ኤርትራ ብእትኣግዶ ዘላ ሓዊ ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን በቲ ሓደ መዳይ ኸኣ ኣብ ኤርትራ ምስ ጁቡቲ ብእትገብሮ ዘላ ምትኹታኽ ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ጅቡትን ንኽባራዕ ይኽእል ኢዩ ዝብል ዝሃቦቶ ገምጋምን ሰራዊት ሓይሊ ባሕሪ ፈረንሳ ናብ ሽነክ ራስ ዱሜራ ገጾም ምግስጋሶምን ኣብ ጁቡቲ ዝርከቡ ሰራዊት ጀርመን ኣብ ተጠንቀቕ ምህላዎምን ናበይ የምራሓና ኣሎ ኣብ ዝብል ነጥብ ኢዩ እቲ ወጥሪ ተንጠልጢሉ ዘሎ።

ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ኤርትራ ብዕለት 20 ሕዳር 2008 ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ነቲ ንምክልኻል ሽፍትነት ባሕሪ ብውድብ ሕቡራት ሃገራትን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ኤውሮጳዊ ሕብረትን

ዝካየድ ዘሎ ወፍሪ ዝቛወም መግለጺ ምውጹኡን ቀይሕ ባሕሪ ሞግሓፊ መርዛም ሓተላ ኑክሌስ ዌስት ይኸውን ኣሎ ኢሉ ምእማቱን ዘይጠባዩ ኸኣ ነተን ሞግሓፊ ክገብረኦ ደልየን ዝበለን ሃገራት ዘይምጥቃሱ ዓለምና ሓባል በሊያ ከይትቕድመኪ ኢዩ ኾይኑዋ ዘሎ።

ኣብ ከም'ዚ ተኣፋፋ ህሞት መንግስቲ ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ምምሕዳር ዋሽንግቶን ካብኡ ናብኡ ኸኣ ምምሕዳር ሰልፊ ዲሞክራቲክ ፕረሲደንት ኣሜሪካ ነበር ቢል ኪሊንተን መንግስተይ ክግልብጥ ይሓስብ ነይሩ ኢሉ ዝኸሰሶም ሰልፊ ኣብ ስልጣን ምምጸኦም ጥራይ ዘይኮነ በዓልቲ ቤት ፕረሲደንት ኣሜሪካ ነበር ቢል ኪሊንተን ሄላሪ ኪሊንተን ብሓድሽ ፕረሲደንት ኣሜሪካ ኦባማ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣሜሪካ ኾይና ምርቛሓ ጉዕዞ ናበይ ክመርሓና ይኽእል?

ብፍላይ ከኣ ወትሃደራውያን ኪኢላታት ሓይሊ ባሕሪ ኢራን ናብ ዳህላክ ምእታዎምን ህሉው ወትሃደራዉን ፖለቲካውን ምዕበለታት ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ህዝብን በቲ ሓደ መዳይ ከኣ ኣብ ውሽጢ ኣዘዝቲ ሰራዊትን መራሕቲ ህግደፍን ውሽጣዊ ምዕባሌታት ካቢነ ሚኒስተራትን በቲ ሓደ መዳይ እንታይ ይመስል ኣሎ?

ይቕጽል፦
ውሕሉል ፈዳይ ንጉስ
shamlahaqi@yahoo.com